# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.249 | ቀዳም 17 ሰነ 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሓምላይ ቍጠባ


ገጽ 3
"ስዉእዶ ይትንስእ'ዩ!?" - 1/12/2000


ገጽ 5
ፍርሒ መርመራ


ገጽ 7
ጠፈርተኛታት 'ናሳ'፡ ኣብ ማርስ ...


ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ ስኪዐት ኤርትራ ናብ ታንዛንያ ገይሻ



## ማእከል - ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተኻየዱ





ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ሰኡባበዊ መደባት 'ዝኽሪ ሓበን'፡ ከምኡ'ውን ወፈራታት ልምዓት ተኻየዱ።

ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ብ13 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ 'ሃገር ሚድያ' ኣብ ዘወደብዎ መደብ፡ ንርዝኑት 20 ሰነ፡ ትርጉም መስዋእትነትን ሕድሪ ሰማእታትን ዘንጸባርቑ፡ ግጥሚታት፡ ትረኻን ዜማታትን ዘጠቓልል መሰናድኣታት ቀሪቦም።

ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከል ብ15 ሰነ ዘወደብዎ ተመሳሳሊ መደብ ድማ፡ ንሕሉፍ ቅያን ውዕሎ ጀጋኑን ከምኡ'ውን ህልው ወለዶ ዝሰከሞ ሕድሪ ሰማእታት ብዘውክል መሰናድኣታት ዝዘሰኖ ነይሩ።

ብ10 ሰነ'ውን፡ ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍለ-ሰራዊት 70.16 ኣብ ከባቢ ማይ-ደምን፡ ብሀላውን ሰኡባበውን መደባትን ምኽሳስ ኣግራብን ዝዘሰኖ ዝኽሪ 20 ሰነ ኣቑጺዶም።

ብኻልእ ወገን፡ ሰራሕተኛታት ዓምበርበብ ሽር ኣምፓኒ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ገረሚ - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ተመሃሮ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኦሮታ ኣብ ቀጽሪ ኮሌጆም፡ ኣባላት ኩባንያ መጓዓዝያ ሓረት ድማ ኣብ ማይ-ደምን ብዘወደብዎ ወፈራታት፡ ምስራሕ ቅናታዊ ዛላታት፡ ምኽሳስ ኣግራብ ማይ ምስታይን ከምኡ'ውን ካልእ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

## ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ገንዘባዊ ወፈያ ገይሮም

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ንመሰሊ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምንባይ ስድራ ስውኣትን ገንዘባዊ ወፈያ ከም ዝገበሩ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ናብ ኤሬና ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ብስም 'ሕድሪ ሰማእታት' ዝተጠርነፉ ነበርቲ ከተማ ሲንሲናቲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ 5000 ዶላር፣ ኣብ ካናዳ ድማ - ሸማግለ ተቐማጦ ካልጋሪ 16,305፡ ኣብ ቶሮንቶ ካብ ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝተዋህለለ 12,882፡ ኣባላትን ተኸታተልትን 'ቀንዴል ትዮብ' 12,000፡ ሸማግለ ኮሚቴ ከተማ ኤድመንተን 7,492፡ ኮሚቴ ሃግልተን 7,000፡ ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኪችነርን ዋተርሉን 5,302፡ ሸማግለ በዓላት ሞንትርያል 3,665፡ ተቐማጦ ከተማ ጋልፍን ወሊንግተንን 1,160፡ ማሕበረኮም ከተማ ለንደን - ኦንታርዮ 630፡ ሸማግለ ከተማ ዊኒፐግ 7,000 ዶላር ካናዳ - ንማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣበርኪቶም።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን - ጉጅለ ጽንዓት 2,450፡ ሃገራዊ ሸማግለ ሹቱርታልን ከባቢኡን 2,000፡ ሃገራዊ ሸማግለ ፍራንክፈርት 8,000፡ ሃገራዊ ሸማግለ ካሰልን ከባቢኡን 1,551፡ ሃገራዊ ሸማግለ ሹቱትጋርትን ከባቢኡን 3,985፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ዱዝልዶርፍን ከባቢኡን ድማ 3,400 ዩሮ ወፍዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ካናዳ ዝነብሩ ዜጋታት 19,370 ዶላር፣ 'ሕድሪ ኣሎና ክይነድፍሩ' ብዝብል ስም ዝፍለጡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን 3,600 ዶላር፣ ከምኡ'ውን ካብ ጀርመን - ደቂ-ኣንስትዮ ፎርዝሃይም 4,500 ዩሮ፡ ኣብ በርሊን ዝነብሩ ዜጋታት 3 ሽሕ ዩሮ፡ ሃገራዊ ሸማግለ ሙኒክን ከባቢኡን 4,800 ዩሮ፡ ብርክት ዝበሉ ወልቀሰባት ከኣ ብድምር 27 ሽሕን 15ን ዩሮ፡ ንምንባይ ስድራ ስውኣት ኣበርኪቶም ኣለው።

## ኣብ ጊንዳዕን መንደፈራን 191 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕን መንደፈራን፡ 191 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ሰልጢኖም።

በዚ መሰረት፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ እምባትካላን ሓዲሽትን ዝተዋጽኡ 62 ተመሃሮ፡ ኣብ መደበር ጥዕና እምባትካላ - ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት፣ እቶም ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ - ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ዝርከቡ 139 ሰራሕተኛታት መንግስቲ ድማ፡ ዓውድታት ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ናውቲ መዘቓ፡ ኤሌክትሮኒክስን ኤሌትሪሲቲን ዝተማህሩ እዮም።

ብ4 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቖም፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ነርስ መኮንን ጉብረመድህን ሰልጠንቲ መበዝሕትኦም ካብ ምሕደግ ዝበለ ከበቢታት ምዃኖም ጠቒሱ፡ ወዘቢ ሓደጋ ኮነ ሃንደበታዊ ሕማማት ኣብ ዘጋጥመሉ መባእታዊ ረድኤት ንኽህቡ ዝዓለመ ከም ዝኾነ ኣገዚቡ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ብ4 ሰነ ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ሓላፊ ሃግመተኤ ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሳልሕ መሓመድ-ሰዒድ፡ ማሕበር በብእዋኑ ዘኽፍቶሎም ዘሎ ዕድላት፡ ኣብ ህይወቶም ሓጋዚ ብምዃኑ - መንእሰያት ብዝበእ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

## ማእከል - ሞያዊ ስልጠና ዝረኸባ ኣንስቲ ስዉኣት ንሃማደኤ የመጉሳ



ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሃማደኤ ብሞያ ማእለማ ዘሰልጠነን ኣንስቲ ስውኣት፡ ኣብ መነብሮአን እወታዊ ለውጢ የመዝግባ ከም ዘለዋ ገለጻ።

ዝቐሰማኦ ሞያ፡ ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊአን ብምውሓስ ስድራቤተን ብዝበለ ክኣልያ ከም ዝኽኣላ፣ ኣብ ስልጠና ኣብ ዝጸንሓሉ 7 ኣዋርሕ ዝኸፈለን ዝበረ ወርሓዊ ገንዘብ እውን፡ ቀሲነን ኣብ ትምህርቲ ንኽድህባ ከም ዝሓገዘን ሓቢረን።

ስድራቤተን ኣልየን ንደቀን ናብ ዝበጽሕ ኩብጽሓ ከም ዝኽእላ ዝገለጻ እተን ዜጋታት፡ ሃማደኤ ኣብ ርእሲ'ቲ ሞያ ቀሲመን ክሰርሓ ዝበረለን ሓገዙ፡ ፍርያተን ናብ ዕዳጋ ከቕርባ ዕድል ከም ዝረሓወለን እውን ኣረዲአን።

ካብ ኣወሃሃድቲ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሃማደኤ ወ/ሮ ትርሓስ ዘውዴ፡ እቲ ማእከል ኣብ 12 ናይ ስልጠና እብረታት 280 ኣንስቲ ስውኣት ዝርከባኦን ኣስታት 450 ኣሊዩቲ ስድራ ብሞያ ማእለማ ከም ዘሰልጠነ፡ እተን 30 ድማ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ከም ዝቐሰማ ገሊጻ።

እተን ኣሊዩቲ ስድራ - ድሕሪ ምምራቐን ኣብ ነዊሕ ግዜ ብዘኽፈል ልቓሕ ናይ ማእለማ ማሽንን ጥረ ነገራትን ከም ዝተዋህበን እውን ሓቢራ።




# ሓምላይ ቍጠባ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረሰ)

ዓለም በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ፡ ዝዓበየ ክፋሉ ወጽኢት ሓምላይ ስርዓት-ቍጠባ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓምላይ ቍጠባ ከኣ ኑዱዲን ካልእ ባህርያዊ ጸጋታትን እዩ። እዚ ስርዓት-ቍጠባ'ዚ፡ ብቛንቋ ክኢላታት ዓውዲ ስነ-ቍጠባ "ሓመዳዊ ቍጠባ" ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ።

ሓመዳዊ (ሓምላይ) ስርዓተ ቍጠባ፡ ኣብ ዕቤት ናብራ ዝተወሰኑ ክፋላት ሕብረተ-ሰብ ዓለም፡ ምምሕያሽ ከምዘምጽኣ ይዝረበሉ'ኳ እንተኾነ፡ ኑዩም ዝጠዘሐ ኣብ ትሕቲ ማስመር ድኽነት ዝነብሩ ኣካል ማሕበረሰብ ዓለም ዘውክል ኣይኮነን። እዚ ስርዓት-ቍጠባ'ዚ ንምህናጽ ዝኸልኩ ባህርያዊ ጸጋታት ማእለያ የብሎምን። ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ኣከባቢ ዝወርድ ዕንወትን ዝስዕብ ብኽላን፡ ኣብ ህይወታውያን ፍጡራት ማሕበራዊ ሽግራትን ዘውርዶ ጸገማት መግለጺ ኣይርከቦን። ቀንዲ ግዳይ ናይ'ዚ ጸገም'ዚ፡ ኣብ ተሕቲ-ማስመር ድኽነትን ዝርከብ ክፋል ማሕበረሰብ ዓለም እዩ።

ማሕበረሰብ ዓለም ባህርያዊ ጸጋታት ልዕሊ ዓቐን ብምህላኽ ዝረጋገጽ ዓይነት ስርዓት ቍጠባ፡ ኣብ ገጽ ምድሪ ከኸትሎ ዝጸንሐን ዘሎን ኣከባብያዊ ዕንወት ብምርዳእ፡ ካብ 1990ታት ጀሚሩ መተካእታኡ ካልእ ስርዓት-ቍጠባ ክተኣታቶ'ዩ ወሲኑ። ሓደ መርኣያ ናይ'ዚ፡ ኣብ 1992 ኣብ ርእሲ ከተማ ብራዚል ዝተቓነዐ "ኣከባብን ምዕባለን" ዝተሰምየ ዓለማዊ ዋዕላ እዩ። ዕላማ'ቲ ዋዕላ ብቐንዱ፡ ኩሉ ልምዓታዊ መደባት ምስ ዕቃበ ኣከባብን ምዕሩይ ማሕበራዊ ዕቤትን ፍትሕን ንምስናይ እዩ። በዚ ድማ ምዕሩይ ቍጠባዊ ዕቤት ንምግንዛብ፡ ማዕርነትን ፍትሕን ዘንግስ፡ ውሑሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት ዘውሕስ "ቀጻልነት ዘለዎ ምዕባለ" ዘረጋግጽ መርሓ ሓሳብ ተሓንጺጹ ንትግባረ ተበጊሱ።

ዕላማ፡ 'ቀጻልነት ዘለዎ ምዕባለ'፡ ጽላት ቍጠባ፡ ማሕበራዊ ናብራን ዕቃበ ኣከባብን ብምስናይ፡ እንተላይ ናብራ መጻኢ ወለዶታት ምውሓስ ዝብል እዩ። ንምብጻሑ ኸኣ፡ እሩም ወይ ውሑሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት ይሓትት።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ዕላማታት ቀጻልነት ዘለዎ ምዕባለ ንምውቃዕ፡ ሓምላይ-ቍጠባ ንምህናጽ ዝሕግዝ መርሓ ብደረጃ ዓለም ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ቍጠባዊ ስርዓት'ዚ ከም ኣምር፡ መንግስቲ እንግሊዝ "መርሓ ሕንጻጽ ንሓምላይ ቁጠባ" ብዝብል ኣርእስቲ - ኣብ 1989 ብዘዳለዎ ሰነድ ከምእተበገሰ ይፍለጥ። ኣቓልቦ ማሕበረሰብዓለም ክረኽብ ዝኸኣለ ግን፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 2008 ንዓለም ዘጋጠማ ቍጠባዊ ውድቀት'ዩ። ኣብታ ዓመት'ቲኣ (2008) ትካል ልምዓት ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNEP) ሓደ ካብቶም ኑቲ ዝተጠቕሰ ሓሳብ ዘጠለዑ ክኢላታት ብምቍጻር፡ ንምስፍሑን ንምዕማቑን ክሰርሓሉ ጀሚሩ። ክሊማዊ ለውጢን ኣከባብያዊ ብርሰትን ልዑል ኣቓልቦ ከም ዝጠልብ ኣህጉራውያን ጉዳያት ተጠሚቶ እውን ኣብ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ተቐባልነቱ ክዓብዝ ጀሚሩ።



ሸቶታቱ ንምውቃዕ ድማ፡ 'ብእንደልዩ መጻኢ' ዝብል፡ መተግበሪ ኮይኑ ዘገልግል ኣገባብ ዘጽር መርሓ ሕንጻጽ ኣብ 2012 ኣጽዲቑ።

እዚ ንሓምላይ-ቍጠባ ዝምልከት፡ ትካል ልምዓት ኣከባቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘውጽኦ መግለጺ፡ ብብዙሓት ኣባል ሃገራት ተቐባልነት ረኺቡ። ቀጻልነት ብዘለዎን ዝሓሸ ማሕበረ-ቍጠባዊ ረብሓታት ብዘውሕስን፡ ከምኡ'ውን ኣከባብያዊ ዕንወትን ብኽላን ብምንካይ ሕወየትን ልምዓትን ኣከባቢ ብዘረጋግጽ ኣገባባት ምትግባሩ ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ እቲ መግለጺ ወሲኹ የረድእ። ሓምላይ ቍጠባ፡ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ንዝኾኑ መርዛማትን በኻሊ ጋዛትን ንምንካይ ዘኽእል እዩ። ብተወሳኺ ኣከባቢ ዝበኽል ጉሓፍ ንኽነክየ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ማዕርነታዊ ኣተዓባብራን ማሕበራዊ ፍትሒን ኣብ ምንጋስ እውን ሓጋዚ እዩ። እዚ ዓይነት ስርዓተ ቍጠባ (ሓምላይ ቍጠባ) ብዘይኣ'ዚ፡ ንወፍሪ ዕቃበን ምስሳንን ጸጋታት ዕድላት ይፈጥር። ስርሓት እዚም ከሎም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ብዮዝበሪ ክረጋገጹ ግን፡ ውሑሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋትት ምኽታል ወሲ እዩ።




ህይወታውያን ንኽነብሩ ማእለያ ዘይብሉ ባህርያዊ ጸጋ እዩ ዘድልየም። ጽሩይ ኣየር፣ ዘይተበከለን እኹልን ጽሩይ ማይ፣ ፍርያም ሓመድ፣ ጻር (ጣቕ)፣ ከተኣታትዋ ክኽእላ ኣለወን። ብዚ መገዲ'ዚ ድማ ናብ ስርዓት ሓምላይ ቍጠባ ክስጋገራ ዘኽእል ምኽንያት ወይ ባይታ የብለንን። ምህናጽ፣ ምምዕባልን ወይ ምትዕርራይ ስርዓተ

ንዳይኒ ዝማርኽን ንመንፈስ ዘሐድስን ቅርጺ መሬት...ወዘተ. ክጥቀሱ ይኽእሉ። ዝጠዘሑ ካብዞም ጸጋታት ዋጋ ዘይክፈሎም ደቂ-ሰብ ይኹኑ እንስሳታት ብናጻ ክረኽብዎም ዝኽእሉ እዮም። ከምኡ ብምኳኖም ከኣ፡ ብደቂ-ሰብ ክሳብ ክንድ'ቲ ኣቓልቦ ክዋሃቦም ኣይጸንሐን። ናይ'ዚ ጭብጢ ኣብነት ከኣ፡ ኣከባብያዊ ዕንወት ዝጠንቁ በዩም ዘይትክኡ ባህርያዊ ጸጋታት ክርከብ ዝዋሃብኦ ናጻ ኣገልግሎት ከንቁልቁል ምጅንሑ ዝተፈላለዩ መጽናዕቲታት የመልክቱ።

ተልእኾ ሓምላይ-ቍጠባ ተደጋጊሙ ይጥቀስ ከምዘሎ፡ ደቂ-ሰብ ካብ ባህርያዊ ጸጋታት እንረኽቦ ናጻ ኣግልግሎት ኣብ ማስርሕ ምንባርን ምንባርን ዘበርክቶ ግደ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ረብሓና ንምሕላው ልዑል ኣቓልቦ ክምዝረክብ ምግባር እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ነፍሱ ወከፍ ጽላት ዝግበር ልምዓታዊ መደብ፡ ኣብ ኣከባቢ ክወርዶ ዝኽእል ዕንወትን ብኽላን ኣቐዲሙ ተሓሲቡሉ ሃገራት፡ ኣብ ባጀት ናይ'ቲ ዘኪይዳኦ መደብ ከምዝእቱ ክገብራ ኣለወን። ኣብዚ ከበድ ሓላፍነት ክሰከሙ ዘለዎም ዓበይቲ ኣውፊርቲ እዮም። ሓምላይ-ቍጠባ ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ንእተግበራ እቲ መደብ ብኸልተ መገዲ ክተሓዝ ይእምም። እቲ ሓደ ኣውፊርቲ ኣብ ኣከባቢ ዘወርድዎ ዕንወትን ብኽላን ብገንዘብ ተተሚኑ ዝኸፍልዎ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ኣከባብያዊ ዕንወትን ብኽላን ዘውሕዱ ኣገባባት ከተኣታትዉ ዝገበኡ መከላኸሊ ኣገባባት ንምድራኽ ዝዓለመ እዩ።

ሃገራት ከከም ደረጃ ምዕባለኣን፡ ፍልልይ ትዕድልቲ ባህርያዊ ጸጋታተንን፡ ደረጃ ንቕሓት ዜጋታተንን፣ ኣብ ትግባረ መደብ ሓምላይ ቍጠባ ይፈላለ እዩ። ምዕቡላት ሃገራት ከም ኣቦት እንተድኣ ወሰድና፡ ቁጠበኣን ኣብ ሃልኪ ኑዳዲን ባህርያዊ ጸጋታትን ይምርከሱ። እዚ ከኣ፡ ቍጠባዊ ምዕባለ ዜጋታተን ኣውሒሱ፡ ዝበለጸ ናብራ ንኽመርሑ የኽእሎም። እዚ ምዕባለ'ዚ ብወገኑ ነተን ሃገራት፡ ሃልኪ ኑዳድን ባህርያዊ ጸጋታት ዝኸፍዩ ኣገባባትን ምህዞታትን ብምትእትታው፡ ናብ ሓምላይ ቍጠባ ክስጋገራ ዕድል ክፈጥረለን ዝኽእል እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ቀዳምነታተን ድኽነት ምውጋድን ናብራ ዜጋታተን ምምሕያሽን እዩ። ነዚ ድማ ዘለወን ባህርያዊ ጸጋታት ኑዳዲ ይኹን ማዕድን ክጥቀማ መገዲታዊ እዩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ እዘን ሃገራት እውን እንተኾነ፡ ውሑሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት ብምትእትታው፡ ሃልኪ ኑዳዲ ዝቐንሱ ወይ ዘውግዱ ቴክኖሎጂ

ሓምላይ ቍጠባ፡ ሓድሽ ትሕተ-ቕርጺ፡ ፖሊሲ መቈጻጸሪ ኣገባባት ስለ ዝሓትት እምበኣር፡ ግብራውነት እዚም ሰዓብም ዝቐርቡ ንጥፈታት ክረጋገጽ ኣለዎ።

## ምዕቃብን ምስሳን ኣግራብ—

ደቂ-ሰብ ኣግራብ ብምዕቃብ እንረኽቦ ረብሓ ማእለያ የብሉን። ብሓፈሻኡ ህላወናን ህላወ ኩሎም ህይወታውያንን ኣብ ገረብ ዝተመርኰሰ ምዃኑ ምጥቃስ ኣኻሊ እኳ እንተኾነ፡ ገረብ ንደቂ-ሰብ ሓደት ካብቲ ብዙሕ ዝህቦ ረብሓ-ንመስርሒ ኣብይቲ፡ ዝተፈላለዩ ናውቲ ኣቕሑ ገዛ፡ ጸዓት፡ ኢንዱስትርያዊ መዓልቲ፡ ባህላውን ዘመናውን ኣፋውስ (መድሃኒታት)፣ መግቢ ወዘተ. ዝህቦ ኣገልግሎት ከም ኣብነት ምግላጽ ይከኣል። ገረብ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ምክልኻል ፍግረ-መሬት፣ ምምሕያሽ ክቡብያዊ ክሊማ፡ ምህብታም ትሕዝቶ ሓመድ፣ ዑደት ማይ፣ ካርቦን ምምጣይን ጽሩይ ኣየር ምምንጫውን፣ ሓድሽ ሸቕለት ምፍጣርን ቍጠባ ዜጋታት ምምሕያሽን፣ ንእንስሳታት ከኣ መግቢን መዕቈቢን የገልግል። ድምር ናይ'ዚ ኹሉ ድማ ሓምላይ ስርዓት ቍጠባ ክትሃንጽ ባይታ ዘተጣጥሕ እዩ።

ገረብ እዚን ካልእ ዘይተጠቕሰ ረብሓን ጥቕሚን ዝህቦ ክንሱ፡ መሬት ኣብ ሕርሻ ካልእን መዓላ ክውዕል እናተባህለ ዝቖረጹ ኣግራብን ዝብድሙ ክበባታትን ማእለያ የብሎምን። ኣብ እንስሳታት ብዓበኡ ኣብ ዕለታዊ ቍጠባዊን ማሕበራዊን ህይወት ደቂ-ሰብ ብፍላይ ዝገድፎ ስምብራት ከኣ፡ ብቐሊሉ ዝፍወስ ወይ ዝሓዊ ኣይኮነን። ስለዚ ቀጻልነት ክብ ኢሉም ዝተዘርዘሩ ረብሓታት ንምውሓስ፡ ምብራስ ኣግራብ ምቍጽጻር ከምበረሉ፡ ኣግራብ ምዕቃብን ምስሳንን ብቐጻልነት ክሰርሓሉ የድሊ። ዝበደሙ ክበባታት ምግራብ ድማ ቀዳምነት ዝወሃቦ ዕማም'ዩ።

ምዕቃብን ምስሳንን ኣግራብ፡ ኑቲ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ምዃኑ ዝውቀስ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኢንዱስትሪታት፡ ፋብሪካታት፡ ናይ መጓዓዝያ መሳለጥያታት፡ ቃጸሎ ጫካታት ...ወዘተ.. ናብ ህዋ ዝበንን (ዝትፋእ) መርዛም ጋዝ (ካርቦን) ኣብ ምጕዳል ልዑል ግደ ይጻወት። እቲ ሓቂ መሬት ባዕላ ትዋገሉ እዩ። የጉዳስ ኩለን ሃገራት ዓለም "መሬት ትድኪ ኣላ፡ ትጠልመና ኣላ፡ እንታይ ንግበር?" ብዝብል ብሓደ ድምጺ ካብ ምጭዋር ኣየዕረፋን። ወግሐ ጸበሐ 'ኡይ!' ካብ ምባል ሓሊፈን ግን፡ ንምፍዋሳ ብኣብነት ዝጥቀስ ግብራዊ ስጉምቲ ክወስዳ ኣይረኣያን።

ይቕጽል...

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# “ስዉእዶ ይትንስእ'ዩ!?” - 1/12/2000

ወያነ ንጾ'ምባሶ 'ብሓደሊይ እየ ሓዚዖ' እኳ እንተበለ፡ መመሳመሲ ነቓዕ ንምኽላኡ - መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ቲ ልኡላውነቱን ንልዕሊ ክልተ ዓመት ዝዓረደሉ ሓጺናዊ ድፋዑ፡ ተጻዚቡቲ ኣብ ዝተረኸበሉ ብፍታዉን ምስ ሓይሉን ከምዝወጽኦሉ፡ መራኸቢ ብዙሓን ዝመስከሩሉ ሓቂ እዩ።

ወያነ ኑቲ ብዘይ ኩናት ዝተማጠወሉ ግንባር/ድፋዕ ምድፋሩ ሰኢኑ - መስኮት

ሰዋን ግማዕ ቅጫን ሂበን ድማ ንብጹቱ ክሕብራሉ ምኽንያን ነበረን ሓደጋኡ።

ሙሴ ነታ ዝተሃርመት ሰለፉ ኣብ ልዕሊ'ታ ጥዕይቲ ኣመሳቒሉ፡ ናብ'ታ ቀትሪ ከማዕድዋ ዝወዓለ ኩጆት ብፍሉኹ ፍሉኹ በጽሐ፡ ሓምሳ ሜትሮ ኣቢሉ ኣብ ዝኸውን ርሕቀት ድማ ገለ ወተሃደራት




ኮይንዎ ከም'ቲ 'ፈራሕ ዓሰርተ በትሩ' ዝበሃል፡ ብሰማይን ብምድርን እዝንጎሻኣሎ ዳርባታት ኣጽዋቹ፡ ጉመዳ ሰራዊት ኣኽቲቱ እዩ እግረ-እግሪ ሰራዊትና ሰዒቡ። ሰራዊትና ድማ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ቦታን ንምክልኻሉን ንምድርዓሙን ንፍሲ-ወከፉ ሰድሪ መሬት እቲ ዝጉዝኣ ግዝሪ እናኸፈሉ፡ ኣብ'ቲ ሰንሰለታዊ ገቦታት እምባ ታሪኻን እምባኮይራን ንምዕራድ - ናብ ሰንዓፈ ገጹ ኣምርሐ።

እቲ ኩናት "ዝተኸፍለ ይኽፈል" ኢሉም ብድሕሪት እናተደፍኡ ብኢዶም ክጉብጡኻ ምስ ዝጸዩ ሓሸኸት ሰራዊት ግንባር-ንግንባር ተፋጢጥካ ትምክተሉ ደማዊ ውግእ'ዩ ዝነበረ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩናት እምባኦር'ዩ ሙሴ ክፍለ - ኣብ'ቲ ንጹላኢ እናዳኸምካ ምዝላቕ፡ ሰለቱ ብትኽክል ንምቕማጥ ብ28/6/2000 ኣብ ጢሻ ከባቢ ሰንዓፈ ሰለፉ ተሃሪሙ ዝወደቐ።

ሙሴ፡ ማእከላይ ቁመት ከይራይ ሕብሪ ዝውንን፡ ትሑት ባህርያት ዝተዓደለ ዓይነት ሰብ እዩ። ኣብ ክፍለሰራዊት 32 1ይ ብርጌድ ኣጋር ሓኪም ጋንታ ድማ ነበረ።

ሙሴ ተወጊኡ ምስ ወደቐ ብጹቱ ከልዕልዎ'ኳ እንተፈተኑ፡ ኣብ'ቲ ዘዋላቡ ኩነት ንዓኡ ክኣልዩ ግደ መስዋእትን መውጋእትን ክኸፉ ኣይደለዩን። ስለ'ዚ ድማ ዝረኸበ ክረኽቦ ጉዳፎምዎ ክኸዱ ብምምሕጻን ተፋኺዎምም። ኣብ መሬት ተሳሒጉ ድማ ከም ጠበቕ ሓንሳብ ርእሱ እናኣልዓለ እናኣደነ ከበሉ ድሕሪ ምዕዛብ፡ ከውሲ ክትተኮ ናብ እትኸእል ንእሽቶ መንገዲ ውሕጅ መሳሲት ሩባ እናተንፈሓኸ በጽሐ። መሬት ዓይኒ ምስ ሓዘ ከኣ ደሙ ኣጸራርዩ ቁስሉ ሓኪሙ።

ንጽባሒቱ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ በቲ ከባቢ ክሓልፋ ርእዩ ተዳሂዩን'ሞ፡ ተወጊኡ ካብ ብጹቱ ተሪፉ ምህላዉ ሓበረን። እተን ኣደ ኣገዩን ሓዘና፡ ተሰኪመናኦ ዝነበራ ጃሎን

ረኣዩ። ካብ'ቲ ዝሰምዮ ጉጅም-ጅምታኦም ሰራዊት ወያነ ምኽንያም ኣረጋገጹ። ጸቡቕ ገይሩ ምእንቲ ክከታተሎም - ኣብ ልዕሊኡ ንዝነበረት እምኒ ሐዙ እናተሳሕበ እንክሎ፡ እታ እምኒ ኣብ ቀረባ ብምጽናሓ፡ ጠሊማቶ ኣንከራረወት። ብኡ ንቡኡ ከኣ ክልተ ካብ'ቶም ወተሃደራት ናብታ ኩጆት ገጾም ኣምርሑ። ሙሴ ነዚ ምስ ረኣየ፡ ኣንከራርዩ ንታሕቲ ወረደ። ቃንዛኡ ተጻዊሩ ከኣ ካብቲ ከባቢ ተኸወለ።

ኣብ ዝሰዓበት መዓልቲ እውን ኣብ'ታ ብቑጥቋጥን ሐሎትን ዝተሸፈነት ከውሒ እንክሎ፡ ከውታ ምድሪ ገለ ሓሸሽታ ሰምዐ። ኣብ'ቲ ጽምዋ ለይቲ ምክትታሉ ኣዘይዱ፡ መላእ ኣካላቱ ናብ እዝኒ ተቐየረ። ሰለስተ ሰሊያ ናይ ወያነ ድማ ናብኡ ገጾም ክመጹኡ ኣስተብሃለ። ነታ መድሕን ኑቡሱ ክትከውኖ፡ እንተሓሰመ ከኣ ጸላኢኡ ለኪሙ ክሰውኣላ ዙዓለዋ ቦምባ ኣብ ኢዱ ጨቢጡ፡ ትንፋሱ ሓቢኡ ብልዑል ኣደነህ ተኸታተሎም። እቶም

ሰሊያ ልክዕ ከም'ዛ ዝተሓበሩ፡ ትኽ ኢሎም ናብታ ዝተሸጎጠላ ቑጥቋጥ ኣምርሑ። ዓሰርተ ሜትሮ ኣቢሉ ምስ ተረፎም ደው በሉ። የማጒጸጋሞም ቁሊሕ ምሊሕ ድሕሪ ምባል ድማ ንሓድሕዶም ተጠማሚቶም ቡታ ዝመጽእዋ ኣንፈት ግልብጥ በሉ።

ንሙሴ፡ እቲ ብፃሽት ካብ ወያነ ዝውንጨፍ ዝነበረ ከቢድ ብረት፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብኣየናይ ኣንፈት ከምዝለዉ ንኽፈልጦት ጸቡቕ ሓበሬታ ኮይንዎ እዩ። ስለ'ዚ፡ ካብ'ቲ ቀትሪ ተሓብኡሉ ዝወዓሉ ለይቲ ፍሉኹ እናበለ ናብ ኣንፈት ብጹቱ ካብ ምቕራብ ዓዲ ኣይወዓለን። እቲ ካብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተሳኢኹ ኣብ ከበኡ ዝወድቕ ዝነበረ ሞርታራት ግን ልዕሊ መስዋእቲ ነታ ካልኣይቲ እግሩ ከይደግሞ ሰግኡ።

ኣብ'ቲ ብኩናትን ሽታ ባሩድን መልኣኹ ዝረሓቐ ከባቢ፡ ናይ'ተን ሰጋ ሰብ ዝለመዳ ወኻሩ ፈተነ'ውን ኣይተጋደፍን። ምስናይ እዚ ኹሉ ጸበባ ግን ብዘዕባ'ቲ ኣብ'ቲ ኩናት ምስኡ ዝተሳተፈ ምዕባዩ ሓው - ኣባል ቀዳማይ ዘርያ ዳዊት ክፍለ ካብ ምሕሳብ ዓዲ ኣይወዓለን።

ሙሴ፡ ኣጋር ሓኪም ብምንባሩ - ኑቡሱ ኣብ ምእላይ ሓጊዝዎ እዩ። ብሰንኪ'ቲ ቁስልን መስበርትን መላእ ኣካላቱ ኣሲሩ ሕንዚ ዘረኣሉ ዝነበረ ጽኑታት'ውን ብመጠኑ ክፈታታሕ ጀመረ።

እተን ዓባይ ሰበይቲ ዝገደፋሉ፡ ኣብ ክልተ ብራኾኡ ዝመልኦ ጉዕሽ ሰዋን ግማዕ ቅጫን፡ ካብ'ቲ ሰዋ ብምኽደን ብራኾ፡ ካብቲ ቅጫ ድማ ንፈውሲ ሞት ዝኸውኖ በዘንእሽቶ እናለኸፈ ንኣርባዕተ መዓልቲ ተኸቲዩ። ኣብዘን ዝሰዓባ ሽዱሽተ መዓልታት ግን ንመተርከሲ ከንፈር ዝኸውን ንጣዕብ ማይ ደዩ ዝልከፍ መግቢ ኣይነበሮን። ኣብቲ ከባቢ ዝረኸቦ ኣቑጽልትን ሳዕርን እናሸማጠጠ ካብ ምብላዕ ከኣ ካልእ ኣማራጺ ወይከ!!

መውዳእታኡ፡ ብሰንኪ ሰእነት ማይን መግብን ኣካላቱ ምእዛዝ ኣብዩዎ። ከናፍሩ ነቒፀ፡ መታልሒኡን ከበሮ ኣዒንቱን ንውሽጢ ንሂሉ፡ ንመዓልታት ሰለምታ ሓሪምወን ዝቖየ ኣዒንቱ ሽጉርቲ መሰለን ምንቅስቓሰን ዛሕተለ። እንተኾኑ ካብ ዝኸውን ናይ ተሰፋ ምቑራጽ ስምዒታት ርሒቑ ካብ'ታ ዝሓደረላ ከውሲ ወጺኡ ክሰለ ጀመረ። ኣብ ሓንቲ ዝኸውን ናይ ሰብ ምንቅስቓስ ዘይረኣየላ ዓዲ ድማ በጽሐ።

ኣብ ገዛ ናይ ሓንቲ ጫፍ ዝረኸበ ህድሞ ንገለ ሰዓታት ኣዕሪፉ - መንገዱ ክቕጽል ምስ ጀመረ፡ ቃሬዛ ዝሓዙ ኣርባዕተ ወተሃደራት ናብኡ ገጾም

ክመጽኡ ረኣዩ። ካብ ኣከዳድናኦም፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምኻኖም ኣይሰሓተዮን። ድሮ እታ ምሸት፡ ኣብ'ታ ጽምዋ ዝዓሰላ ዓዲ ምስ ኣተወ ዝረኣዩ ቁልዓ መልእኽቲ ከምዝበጽሓሉ ከኣ ጠርጠረ።

እቶም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ምስ'ዚ ኹሉ ዘጋጠሞ ጸገማት ኣብ ኢድ ጸላኢ ከይወደቐ ንዓሰርተ መዓልታት ምቕናዩ ኣዘዩም ተገረሙ። ተሰኪሞም ድማ ናብ ኣሃዱኡ ኣረኪቦዎ። ኣሃዱኡ 'ንስዉእ' ሙሴ ምስ ረኣዩ ደንጺዎም፤ እቲ ጉዳይ ምእማኑ ከቢድዎም ኣእብ ዘለውዎ ቀዘዘ።

ሙሴ እውን ብድኻምን ጥሜትን ጽምእን ተሰኪፉ ስለዝነበረ፡ በተን ዝፈዘዘ ኣዒንቱ ካብ ምጥማት ሓሊፉ ናይ ምዝራብ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ድሕሪ ህጹጽ ግዚያዊ ሕክምና ከኣ ንዝለዓለ ሕክምና ናብ ግላስ ተሳእከ።

ሙሴ ናይቲ ዝቖጸ ሃልኪን ሰቓይን ድኻም ስለዘይወጽኣሉ ድቃስ ጥራይ ኮነ። እታ ኣብ ሓጺን ዝተንጠልጠለት ኢንፈዩዥን ንዝተጸንቀቐ ሓይሉ ንምትካእ ነጠብጣብ ተቀሳጥፍ። ኣብቲ ኣዳራሽ ሕክምና፡ ገለን ከቢድ መውጋእቲ ዘለዎ ህጣሙ ኣጥፊኡ ኣብ ዓራት ዝደቀሰ፡ እቲ ፍኹስ ዝበለ መውጋእቲ ዘለዎ ድማ ካብ ናብ ክንቀሳቐስ ይፍትን ነበረ።

* * *

እግሩ ብጆሶ ዝተጀነ፡ ብኸልተ ምርኩስ ተደጊፉ ጠለይ ዝብል ዝነበረ መንእሰይ፡ ናብቲ ኣዳራሽ ኣተወ። ሙሴ ካብ'ቲ ሰጢሙሉ ዝጸንሐ ትግዘታ ኩናት ብምብርባር፡ 'ቢንያም!' ኢሉ ተዳህዩ።

ቢንያም ናብ'ቲ ስሙ ዝተጸውዓሉ ሸነኽ ቁሊሕ በለ። ምርኩሱ ኣምሪሑ ድማ ናብቲ ኣብ ዓራት ተጋዲሙ ዝነበረ ሙሴ ቀረበ። ንሓድሕዶም ተጠማሚቶም እንተኾኑ ርክቦም ስሉምታ ካብ ምልውዋጥ ኣይሓለፈን።

“መዓስ ደኣ ተወጊእካ?” ሓተተ ሙሴ - ቢንያም ዘንገዕዎ ከምዝኾነ ኣስተብሂሉ ከዘናኽሮ እናደለየ።

“ሕጂ ደኣ ሰሙን ገይረ ኣለኹ” መለሰ ቢንያም ልቢ ዝልቡ።

“ኣብይ ደኣ ተወጊእካ?” ሕቶ ኣሰዓበ ሙሴ።

“ኣብ ከባቢ እምባኮይራ”

“እሞ ኣሃዱናስ ኣብቲ ከባቢ እያ ዘላ ማለት እዩ” በለ ሙሴ ብሓውሲ ሕቶ።

“እወ” መለሰ ቢንያም። ምስሊ ሙሴ ንምርካብ ናይ ዝኸረ ኣእምሮኡ እናፈተሸ።

“እሞ ንዓደሲ ጋዜጣ ማለት ደዩ?” ቀጸለ ሙሴ - በቲ ዝጸሮ ኣንፈት ሓበሬታ፡ ቢንያም ከለልዮ ብዘይ ምኽኣሉ እናገረሞ።

“ኣይትሓዘለይ፡ ቁሩብ እዝንግዕ'የ” መለሰ ቢንያም፡ ናይ ምርሳዕ ጸገም ከምዘለዎ ንምሕባር።

ሙሴ፡ ወዲ ጋንታኡ ዝኾነ ቢንያም 20 ኣብ ዘይኣኸለ መዓልታት ካብ መዘኩብ ኣእምሮኡ ጨሪሹ ምሕካኹ ደንጽዎ። ግዳ ብዙሕ ከጨንቖ ኣይደለዮን። “ኣነ ሙሴ እየ፣ ኣጋር ሓኪም ሳልሳይ ሓይሊ ካልኣይ ጋንታ” ኑቲ ጉዳይ ንምሕጻር




1 = ሙሴ    2= ዳዊት

ደርጉሓለ።

ቢንያም ንሙሴ ቀው ኢሉ ጠመቶ። እቲ ቀደም ዝፈልጦ ሙሴ ኣይነበረን። ሙሴ! . . . ኢሉ ብሓውሲ ስምባደ ዓው ኢሉ ተዳህዩ። ምርኣይ ምእማን'ኳ እንተኾነ ቢንያም ግን ርእዩ ምእማን ሰኣነ፡ “እ . ስዉእዶ ይትንስእ'ዩ!” ርእሱ ብምሓዝ ቀዘዘ።

ቢንያም ተወጊኡ ናብ ሕክምና ቅድሚ ምምጽኡ፡ ሙሴ ኣብ ናይ ዛዕምባሶ ምዝላቕ ኣብ ከባቢ ሰንዓፈ ከምዝተሰውአ እዩ ዝፈልጥ። ስለዝኾነ ከኣ'ዩ ንሙሴ ብህይወት ኣብቲ ሕክምና ክርእዮ ዘይተጸበዮን ሕልሚ ዝኾኖን። ብዝኾነ ቢንያም እቲ ሕልሚ ጋህዲ ኮይኑ ረኣየ። ስምባደኡ'ኳ ቀልጢፉ እንተዘይ ተቐንጠጠለ፡ ምርኣይ ምእማን ምኻኑ ቀስ ብቐስ ኣረጋገጸ። እቲ ብምኽንያት 'መስዋእቲ' ሙሴ፡ ኣሃዱኡ ከጸናንዕዎ ዝቆጽዩ ዳዊት ሓዉ ምስኡ ኣብቲ ሕክምና ምህላዉ ንሙሴ ኣበሰሮ። ክልቲኦም ኣባላት 1ይ ዘርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣሕዋት ድማ ካብቲ ኩሉ ሓዊ ወጺኦም ኣብ ሕክምና ግላስ ተራኸቡ። ናይ ሓጎሱ ናይ ምድፍናቕ፡ ናይ ንብዓት፡ ናይ ምትሕቝቛፍ. . . ምርኣቦ።

* * *

**እዚ ጽሑፍዚ ኣብ ምዝዛም ዓመት 2000 ዝጸሓፍክዎ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ምስ ኣባል ኣገልግሎት ዜና ዞባ ማእከል ጋዜጠኛ የናታን የዕበዮ ምስ ተራኸብና፡ ብዛዕባ ቅንያት 'መዓልቲ ሰማእታት' ድሕሪ ምዝርራብና ዝተዘከረ እዩ።**

**እዋናዊ ንምግባሩ ድማ እቶም ሰብ ታሪኽ ብህይወት ስለ ዘለዉ ኩነታቶም ንምሕታት ተበጊሰ፣ ንዳዊት ድማ ረኺበዮ። ናይ'ቲ እዋን ተዘክሮኡ ከዕልለኒ ድማ ዓዲመዮ።**

**“ብሓፈሻኡ ኩሉ እቲ ኣብቲ ግንባር ምሳኻ ዓሪዱ ዘሎ ሓውኻን ሓብትኻን'ዩ። እንተኾነ ኣብ ሓደ ግንባር ክልተን ካብኡ ንላዕልን ኣሕዋት ክትህሉ፡ ነገር ስጋ ስለፍታ ክሓድረካ ባህርያዊ እዩ” ድሕሪ ምባል፡ ኩነታት ምስ ኣጋጠመ ብዛዕባ እቲ ምስኡ ኣብ ሓደ ግንባርን ሓደ ክፍለሰራዊትን ዝነበረ ሓዉ ክሓስብ ግድን ምንባሩ ሓቢሩና። ንመስዋእቲ ሓዉ ዘተምባህ ተርእዮታት ካብ ደቂ ኣሃዱኡን ደቂ ገዛውቱን ከምዝተዓዘበ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ መስዋእቲ ብጹቱን ደቂ ኣሃዱኡን ዝረኣየ ዳዊት - መስዋእቲ ሙሴ ሓዉ እውን ከም ውህብ ከምዝወሰዶን 'እቶም ካልኦትከ ደቂ መን ኮይኖም' ብምባል ሙሴ እውን ከም ዓለሙ ዝብል ኣረኣእያ ከም ዝነበሮን ይገልጽ።**

**ካብ ሰድራቤት ኣቶ ክፍለ መንግስቱ ሽዱሽተ ኣሕዋት ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ኣብ ምክልኻል ሃገር ምንባሮም እዩ ዳዊት ዝጸለዩ። ብፍላይ ሕጂ ብህይወት ዘለዉ ኣዲኡ ኣደይ ሮማ፡ 3ይ ወራር ብዝግንባር ዛዕምባሶ ምስ ጀመረ ብዛዕባ እቶም ብሓደ ዝነበሩ ሙሴን ዳዊትን ደቃን ይሻቐላ ምንባረን፡ ፈጣሪ ተራኣኣዩ ኢሎም ከኣ ከምዝተራኸበ፣ ሓምም ተጋዳላይ ሙሉጌታ ክፍለ ግን ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ከም ዝተሰውአ ኣዕሊሉና። “ደሃይ ናይ'ቲ 'በዓል ታሪኽ' ሙሴኸ?” ክብል ምስ ሓቲትክዎ ድማ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን 'ኤልሳ'ን 'ኤፍሬታ'ን ዝተባህላ ደቂ ወሊዱ ምስ በዓልቲ ቤቱ ዊንታ ኣብ ኖርወይ ከምዝነብር ኣዕሊሉና። ዳዊት እውን በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቂን ኮይኑ፡ ኣብቲ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ገዛ ከባቢ ይነብር ኣሎ።**

**ተስፉ ዘርኣብሩኽ (ገዛ ከኒሻ)**

## ቃል-መሕትት

# “ኤርትራውያን ሰራሕተ ታሪኽ ደኣምበር፡ ነገርቲ ታሪኽ ዘይምኻንና የስክፈኒ” ያቆብ ዓንደመስቀል (ሻፍት)

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብዚ ዓምዲ፡ ምስ ገዲም ኣባል ቤት ማሕተም ህ.ግ፡ ዝነበረ ተጋዳላይ ያቆብ ዓንደማስቀል (ሻፍት) ዘካየድናዮ ዕላል ማለት ብዛዕባ ድሕረባይታኡ ኣብ ሞያ ሕትመትን ንጥፈታቱን ብቐንዱ ከኣ ኣብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝነበሮ ኣበርክቶ ኣመልኪትና ን9 ክፋላት ከምዝቐረብናልኩም ዝዝከር እዩ፡ ንሎሚ ድማ 10ይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ ሰናይ ንባብ።



**ሕቶ - ኣብ ኣገባብ ሕትመት፡ ናይ ጋዜጣ፡ መጽሓፍትን ካልኦትን ፍልልይ ኣለዎዶ?**

እተን ንጋዜጣ ዝሓትማን ንመጽሓፍቲ ዝሓትማን ማሽናት፡ ንኹሉ ከገልግላኻ ይኽእላ እየን። ዌብ ፕረስ (web press) ዝበሃላ ዓበይቲ ማሽናት ኣለዋ። ኩለን እዚኣተን ብሮል እየን ዝሰርሓ፡ ጋዜጣ ይኹን መጽሓፍቲ ክትሓትመለን ትኽእል ማለት እዩ። ንኻልእ ከም ፖስተራት፡ መጽሔታት፡ ካላንደራት ዓበይቲ ከም በዓል ሃይደልበርግ ስፒድ ማስተር ዝበሃላ ኣለዋ። ኣዝየን ዓበይቲ ወረቓቕቲ እየን ዝወስዳ። ስለዚ እቲ ናይ ማሕተም ስርሓት ብኸምዚ እናወሃሃደካ ኢኻ ትሰርሖ። ስለዚ ኩነታቱ መስርሓት ኣለዎ።

**ሕቶ - ኣብ ምሕታም ሕብራዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መጽሓፍቲ ኣዝዩ ልዑል ወጻኢታት ከምዝሓትት ይዕለል እዩ'ሞ ከመይ እዩ?**

ሕብራዊ ወረቐት ክትሓትም እንተደኣ ኮይንካ፡ ልዑል ዋጋ ኩሓተካ ናይ ግድን እዩ። ምኽንያቱ ንፍሲ-ወከፍ ሕብሪ በበይኑ ፕሌት ስለዘለዎ። ኣናተን ሕብሪ ከኣ ናብተን ማሽናት ተገጢሙ ናቱ ሕብሪ ተዋሂብዎ'ዩ ዝሰርሓ። ብዘኾነ ብዙሕ መስርሕ እዩ ዝሓልፍ። ስለዚ'ዩ ድማ ዋጋኡ ክቡር ዝኸውን። እንተኾነ ኣብ ሓጺር እዋን ሓቲምካ ክትውድኦ ትኽእል ኢኻ።

**ሕቶ- ኣብ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ዝመጽእ ዝነበረ መሳርሒታት ከመይ ዝበለ እዩ ነይሩ?**

ኣብ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝመጸ ዘበናዊ መሳርሒታት ጠቕላላ ተቐይሩ እዩ። ምስ ደረጃ ምዕባለ ቤት ማሕተምን ዓለምን ክኸይድ ዝኽእል'ዩ። ዓይነታዊ ለውጥታት መጺኡ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ሞያዊ ስልጠናታት ብምሃብ ስለዝኸይድ ዝነበረ።

**ሕቶ - ብሓፈሻ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ክሓትሞም ዝጀመረ እንታይ'ዩ?**

ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ኩሉ ኣብ ሃገር ዘድሊ ዕምምኦት ሕትመት'ዩ ዝሓትም። ብዝርዝር ዝሓትሞም እንተደኣ ኮይኑ፡ ጋዜጣታት፡ መጽሄታት፡ መጽሓፍቲ፡ ፖስተራት፡ ቅብሊታት ናይ ንግዲ ምልክታት፡ መዐሸጊ ጥቃታት፡ ፖስት ካርድታት፡ ካላንደራት፡ ናይ ቤት ጽሕፈት ፎርምታትን ካርድታትን ካልእን...ወዘተ ዝሓትም ዓቢ ትካል እዩ።

**ሕቶ - ካብ ሜዳ ዝኣተወ ተጋደልቲ ክኢላታት ማሕተም፡ ክሳብ ሕጂ ኣብቲ ሞያ ይቃለሱ ምህላዎም ከመይ ትገልጾም?**

እዞም ጉዳይም ኣባላት ክኢላታት ማሕተም ክድንቑ ዝግበኦም እዮም። ከመይ እንተደኣ ኢልካ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ'ቲ ዘውንንዎ ሞያ ተወሃሂዶም ዝቕጽሉ ዘለዉ ሰባት እዮም። ኩሉ ሂወት ናይ'ቲ ማሕተም ሓዚሞ ዝጉዓዙ ዘለዉ ሰባት ድማ ኾይኖም እዮም። ብቐንዱ ካብ ኣካያዲ ስራሕ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ኣቶ ሙሴ ተስፋማርያም ጀሚርካ ዘለዉ ሰባት ሞየር ናይ'ቲ ስራሕ ኮይናም ዝሰርሑ ዘለዉ እዮም። ብኣጠቓላሊ ኣብ ሜዳ ዝፈረዩ ብሉጻት ሞያተኛታት እዮም። ብመበቱ ኑቲ ስራሕ መሊኾሞን በቒዖሞን ክሳብ ሕጂ ድማ ከም ቀለስቲ ናይ'ቲ ስራሕ ኮይናም ዝመርሕዎ ዘለዉ እዮም። ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ሞያ ሕትመት ንምጉንጻፍ፡ ንመንእሰያት ዘድሊ ትምህርትን ኮርሳትን እናዕጠቑ ዝኸዱ ዘለዉ እውን እዮም። ነቲ ገዕዞ ሕትመት ከኣ ክሳብ ሕጂ ብኸምዚ ዝበልኩኻ ይቕጽልዎ ኣለዉ ክብሎ እኽእል።

**ሕቶ - ሻፍት! ኣብዚ ሕጂ እዋን ኮይንካ፡ ነቲ ኣብ 1960ታት ዝነበርካ ንጥፈታትን ከምኡ'ውን ኣብ ሰውራን ድሕሪ ሰውራን ዝሕለፍካዮ ሂወት ክተዋግዕሉ እንከለኻ እንታይ ይስመዓካ?**

ቡቲ ዓቕመይ ንሃገረይ ዘበርክቶ ንእሹቶ ኣበርክቶ የሐጉሰኒ። ኩሉ ግዜ ኩሓሶ እንከለኹ ድማ፡ ዕድመ ንእስትነይስ እንቋዕ'ባ ኣብ'ታ ዝፈትዋ ሃገረይ ወፈኹዎ እብል።



**ሕቶ- ብቴክኖሎጂ ዝዓጠቐ ብቑዓት ተካእቲ መንእሰያት ንምፍራይን ናይ ሕትመት ሞያ ንምውርራስን ተወዲደርቲ ንምብርያን ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ዝጉብሮ ዝነበረ ንጥፈታት እንተትገልጸልና?**

እዚ ሞያዚ ናብ ተካእቲ ወለዶታት ንምስግጋር፡ ኣብ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ብዓቕምና ኣባላትና ንምምዕባል ክሳብ'ቲ ኣብ 2005 ኣነ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ንወጻኢ ሃገር እናሰደድካ ደዩ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተፈላለየ መደባት ብምስራዕ ናይ ምስልጣን ጻዕርታት ይካየድ ነይሩ እዩ። ብፍላይ ካብ'ቲ ዝጠቐስኩልካ እዋን ንደሓር፡ ኣነ ተቐይረ ዝኸድኩሉ ግዜ ማለተይ'ዩ፡ እዚ ኣገልግሎት ማሕተም ኣዝዩ ዓብን ዓይነታውን ለውጥታት ገይሩ እዩ።

እዚ ኣገልግሎት ማሕተም፡ ንመንእሰያት ምዱብ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ኮርሳት እናሃበ ይኸይድ ነይሩ። ብኽልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ እዩ ነይሩ። እዚ ኾኑ እቲ ኣገልግሎት ማሕተም ነቲ ዓጢቕዎ ዘሎ ዘበናዊ ማሽናት ክቖጻጸሩ ዝኽእሉ መንእሰያት ንምፍራይ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ብሓፈሻ ግን እዚኦም ቡቦዝኦም ንስልጠና ንወጻኢ ይሰደዱ ነይሮም እዮም። ከም ኣብነት ዋላ ኣብ ቤት ማሕተም ኣዱሊስ እንክለና'ውን ዘርኣዩ ንሃገረ በልጂዩም ከይዶም ዝሰልጠኑ ኣባላት ነይሮምና እዮም። ብዓብይኡ ድማ፡ ኣብ ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ምስ መጻእና፡ ብፍላይ ካብ 1998 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ናብ ሽወደንን ኢጣልያን ከይዶም ሰልጢኖም ዝተመለሱ ኣባላት እዝክር እዩ። ኮታስ ኣብ በበይኑ እዋናት እዚ ናይ ስልጠና መደባት ይወሃብ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግዜ እንተኾንካ'ውን ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ብሚ/ሪ ትምህርቲ ኣፍልጦ ዘለዎ ንኣባላቱ የሰልጥን እዩ። ዚ ሞያ ዝመልኩ መንእሰያት ክኢላታት እናፍረየ ይኸይድ ከም ዘሎ ከኣ ክፍለጥ ይግባእ።

**ሕቶ - ብኣጠቓላሊ ካብ'ዚ ከልዕሎ ዝቐሸና ምርኩስ ብምግባር፡ ታሪኽ ናብ መንእሰያት ንምትሕልላፍኩ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብል?**

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጸር ባዕዳውያን ዝሕለፎ ቃልሲ፡ ብፍጹም መዘና የብሉን። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ወጻኢ ማስተንክር ዝኾነ ቅያታት'ዩ ተሰሪሑ። እዚ ማስተንክር ዝኾነ ስርሓት ከኣ፡ ግድን ናብ መጻኢ ወለዶ ክመሓላለፍ ኣለዎ በሃላይ እየ። ከም ኣበነት ኣብ ናይ ሓፋሽ ውድባት ኣብ ናይ ደገ እንተደኣ ርኢኻ፡ መሰረትትን ኣካየድትን ናይ'ቲ ኣብ ደገ ዝካየድ ዝነበረ ውዕወዕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ናይ'ቲ መንግስትን ግንባርን ዘለዉ ኮይኖም ጌና ክሳብ ሕጂ ኣብ ቃልሶም ዝቕጽሉ ዘለዉ ሰባት እዮም። ስለዚ ዕድል ተረኺቡ፡ ብዝወዩም እንከለዉ ታሪኾምን ታሪኽ እዚ ህዝብን ሃገርን ክሰንድ ኣለዎ ዝብል ርድኢት ኣለኒ። ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዓቕርዎ ዘሎ ታሪኽ፡ ናብ'ቲ ተካኢ ዝሕል ወለዶ ንምስግጋር ጻዕርታት ክካየድ ኣለዎ። ስለዚ ታሪኽና ኣብ ምትሕልላፍ ሓያላት ክንክውን፡ ታሪኽና መታን ማንም ሓለፍ መገዲ ከይጻወተሉ ብዕቱብ ክሰነዶ ዘለና ጉዳይ እዩ። ኤርትራውያን ሰራሕተ ታሪኽ ደኣምበር፡ ነገርቲ ታሪኽ ብዘይምኻንና፡ ብዕቱብ ክርኣን ክሰርሓሉን ኣለዎ'የ ዝብል። ምኽንያቱ ኩላትና እቲ እንፈልጦ ዓቕምና እንተደኣ ኣበርኪትና፡ እቲ ዝተፈጸመ መስተንክራዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ክሰነድን ናብ መጻኢ ወለዶ ክሓልፍን ይኽእል እዩ። ተረኺቡ ሰብ ውዕሎ እንተኾነ'ውን ታሪኽ ንኸይቕበር፡ ከይሓለፉ እንከለዉ ናብዚ ሓዳሽ ወለዶ ከሲግገርዎ ኣለዎም እየ ዝብል።

**ሕቶ - በልስከ ሻፍት ብዛዕባ ማሕበራዊ ሂወት ክንሓተካ?**

(ሰሓቕ) ኣብ ዓረርብ ዝበሃል ቦታ'ዩ ብ31 ታሕሳስ ብ1985 ተዋሂደ። ኣብ ሜዳ ብናይ ሓባር መርዓ'ዩ ብጽምዶታት ዝተዩድ ነይሩ። ብሓንሳብ ክሳብ ሰላሳ ጽምዲ ዝምርዓወሉ ነይሩ እዩ። ኣብ'ቲ ኣነ ዝተመርዓኹሉ ግዜ ግን ሰለስተ ጽምዲ ኣባላት ዜና ጥሪሕ ኢና ብሓባር ተመሪዕና።

ኣነ ምስ ተጋዳሊት ኣልጋሽ ረዳኢ እትበሃል መጋድልተይ ተመርዕየ። ኣብ ሜዳ ሓደ ምስ ወለድና ናጽነት ኣርከበ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ሰለስተ ወሊኽና። ብሓፈሻ ኣቦ ኣርባዕተ ውሉዳት እየ።

**ሕቶ - እስከ መርዓ ኣብ ሰውራ ከመይ ከም ዝነበረ ንእሽቶይ ኣዋግዓና? ኣበይን ብኸመይን እዮም ዝሕጹ ነይሮም?**

ቀዳማይ ሃገር እዚ መርዓ (ምዝዋድ) ዝበሃል ኣብ 1977 ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር፡ ተጋደልቲ ብወግዒ ንኽጽመዱ ምስ ተወሰነ'ዩ መጺኡ። ይኹን ደኣምበር፡ ተጋደልቲ ብብዝሒ ክዛመዱሉ ዝጀመሩሉ ብፍላይ ካብ 1980'ታት ንደሓር እዩ። ብዛዕባ ኣገባብ እንተደኣ ኮይንካ ከኣ፡ ብጎጅል ወይ ብሓባር ዝካየድ ነይሩ። ብሓፈሻ ግን እቲ ዝበዝሐ ብሓባር ብናይ ሰውራ ኣገባብ እዩ ዝካየድ ነይሩ።

**ሕቶ - ኣበይን ብኸመይንከ ትሕጹ ነይርኩም?**

ኣብ ክፍልታት እንተደኣ ኮይኑ፡ ኣብ ኣሃዱኻ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን ትሕጸን። ዋላ ደኣ ኣብ በረኻ ይኹን እምበር፡ እቲ ውድብ ኣብ መርዓውን መርዓትን ዘለዎ ክብሪ ንምርኣይ ክሳብ መጋቢ ተፈልዩልካ ክንክብን ይግበር ነይሩ እዩ። ካብ ክፍልታት ወጻኢ ብፍላይ ኣብ ሰራዊት እንተደኣ ከይድና ግን ብብዝሒ ጽምድታት እዮም ብሓደ ዝምርዓዉ ነይሮም። ዝመቸኦ ቦታ ተፈልዩሎም ድማ እቲ ዝግበኦ ክብሪ ይወጽኦም ነይሩ እዩ።





**ሕቶ - ብፍሉይ ንመርዓትን መርዓውን ዝወሃብ ኣልባሳት ነይሩዶ?**

(ሰሓቕ) መብዝሕትኡ እዋን ኑታ ዘሎትካ ክዳን ኣጽሪኻ ምምርዓው ደኣምበር፡ ብፍሉይ ዝወሃበካ ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበረን።

**ሕቶ - በቃ!**

በቃ።

**ሕቶ - ኣብ መወዳእታ፡ ከም ሰበዮ እተማሓላልፎ መልእኽቲ እንተለካ ዕድል ክህበካ?**

ሓቂ እሓይሽ እዚ ሓዲሽ ወለዶ'ዚ፡ ዝኣክል ትምህርታዊ ኮርሳት ብዮዙበሪ እናተዋህቦ ከይሓመቐ ኑቲ ናይ ምውርራስ ሞያ ይቕጽሎ ኣሎ። ምስ ዘመናዊ መሳርሒታት ብምውህሃድ ከኣ ይሰርሕ ኣሎ። ብሓፈሻ ግን እቲ መንእሰይ፡ ኣብ'ዚ ሞያ'ዚ ክሓዎቕ የብሉን። ንዝፍጠረሉ ዕድላትን ጸጋታትን ናብ ግቡእ መዓላን ረብሓኡን ከውዕሎ ኣለዎ በሃላይ እየ። ካልእ ከመሓላልፎ ዝደሊ እንተደኣ ሃልዩ፡ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ብዙሓር ህዝብና ዝተኻየደ ቃልሲ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ መስርዕ ቃልሲ ሰጢሙ ዝገበሮ ቃልስን ውዓብን ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ ነይሩ። ናይ ብሓቂ እዩ ዝበሎካ ንኽትገልጾ ከሞግን ዘጸግም እዩ። ሰውራ ንምዕዋት ሓያል ተሳትፎ'ዩ ነይርዎ። ስለምንታይ እየ ከምዚ ዝበልኩካ ዘለኹ ይመስለካ፡ ከምቲ ዝድለ ስለዘይተገልጸን ስለዘይተሰነደን እዩ። ኣደኒቦ መታን ክግበረሉ።

**ሕቶ - እሞ ሻፍት ንዘበም ኣለና?**

ብዓቕመይ ንዝለኒ ንእሽቶይ ተመክሮ ናይ ታሪኽ ከዘንቱ፡ ሚ/ሪ ዜና ንዘሎብኩምኒ ዕድል የቐንየለይ ክብረት ይሃበለይ እብል።

**የቐንየልና!**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ኤርበክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቀልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:13 | ሽዕቡት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሸባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ሄሎ ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፥ እወ ጽቡቕ ኣለኺ፣ መን ክብል ካበይከ ትድውሊ ኣለኺ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ካብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ እየ ዝድውል ዘለኹ፡ ስመይ ግን ይተዓቀበለይ። ኣነ ተመሃሪት 11 ክፍሊ እየ። ኣብ ትምህርተይ ፍሉይ ግዳስ ኣሎኒ። ብፍሉይ ድማ ንማትሪክ ካብ ሕጂ ጀሚረ እየ ዝዳሎ ዘለኹ። ብትምህርተይ ክተርፍስ ይትረፍ መሕለፊ ነጥቢ ጥራይ ሒዘ ኣብ ኮለጃት ሃገርና ክጽንበር ፈጺመ ኣይደልይን እየ። ሕጂ ግን ኣብ'ዚ ዝመሃረሉ ዘለኹ ዓመት ጽቡቕ ገይረ ኣጽኒዐዮ ኢለ ዝተኣማመንክሉ ብሰንኪ ፍርሒ እጋገ። ብሓፈሻኡ ኵነታተይ ክርእዮ ከለኹ ኣብ ገዛይ ከለኹ ዝነበረኒ ምትእምማን ኣብ ፈተና ምስ ተቐመጥኩ ኵሉ ፋሕ ይብለኒ፡ ውሽጠይ ብፍርሒ ይወሓጥ። 'ብኸምዚ እንተ ቐጺለ ማትሪክ ኣይሓልፍን እየ፡' ብምባል ድማ ምትእምማነይ ይጉድል። እሞ እንታይ ትመኽሩኒ?

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ተመሃሪት፡ ንሕጂ ግን ፍቓድኪ እንተ ኾይኑ ንምዝርራብ መታን ክጥዕመና ዘይነብ እንተ በልኩኺ ይጥዕምዶ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ጸገም የብሉን።

ኣማኻሪ፥ ብሓፈሻኡ ታሪኽ ናይ ትምህርትኺዶ ክትነግርኒ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ናይ መባእታ ትምህርተይ ኮነ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርተይ፡ ካብ'ቶም ብትምህርቶም ዕዉታትን ብሉጻትን ተመሃሮ ኰይነ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ እየ ዝወጽእ ነይረ። ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስ ሓለፍኩ ግን ብልጫ ወሲደ ኣይፈልጥን ምስቶም ዓሰርተ ብሉጻት ተመሃሮ ግን ኣለኹ።

ኣማኻሪ፥ ንፍዕቲ ዘይነብ። ሕጂ'ውን ሕማቕ ኣይኰንክን እንዲኺ ዘለኺ ግን ሕቶ ክሓተኪ? ስለምንታይ ኢኺ ተመሃሪት ካልኣይ ደረጃ ምስ ኰንኪ ብልጫ ክትወስዲ ዘይከኣልኪ? እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ ትብሊ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣብ'ተን ቀዳሞት ብልጫ ዘወስደለን ዝነበርኩ ዓመታት ኣቦይ ኣመና'ዩ ዝሕግዘኒ ነይሩ። ድሕሪኡ ግን ኣቦይ ብስራሕ ናብ ካልእ ቦታ ስለ ዝተቐየረ ዝነበረኒ ሓገዝ ክረክብ ኣይከኣልኩን።

ኣማኻሪ፥ ኣገባብ ኣጸናንዓኹም ከመይ ድዩ ነይሩ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣቦይ ምምካሕ ደኣ ከይመስል እምበር ንፉዕ እዩ። ምሳይ እዩ ዘጽንዕ፡ ምሳይ ሕቶታት ንምምላስ ይወዳደር። ንኽልቴና ዝኸበደትና ከም ዕዮ ንወስዳ እሞ

# ፍርሒ መርመራ



ንሱ ብወገኑ ይሓትት፣ ኣነ ድማ ብወገነይ እሓትት። ካብ ናይ ክልቴና መልስታት ድማ ናብ'ቲ ቅኑዕ ሓሳብ ክንበጽሕ ንኽእል ኔርና። ደረጃ ትምህርቲ ኣቦይ ካብ ሰርትፍኬት ትሓልፍ ኣይኰነትን። ግን ሓኹተ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ከም'ዚ ዓይነት ኣቦ ክህልወኪ ምኽኣሉ ዘይነብ እንቋዕ ሓጐሰኪ ክብለኪ እፈቱ። ኣቦኺ ብዓል ዕላማ ስለ ዝኾነ ኢኺ ድማ ይመስለኒ፡ 'መጻኢ ህይወተይ እንታይ ክኸውን እዩ፡' እናበልኪ ነዛ ዘለኽያ ዓመት ሰጊርኪ፡ ነታ ትመጽእ ዘላ ዓመት ከተቋምትያ ዝበቃዕኪ። ዝጸዓረ ከይተዓወተ ኣይተርፍን እዩ እሞ ኣጆኺ ጻዕርኺ ቀጽልሉ። ካብ'ዚ ምስ ኣቦኺ ትገብርዮ ናይ ኣጸናንዓ ኣገባብ እንታይ ተማሂርኪ? ማለት ሕጂ ኣቦኺ ምሳኺ የልቦን፣ ዝሓለፈ ዓመታትኪ ምስ ሰብ ኢኺ ተጽንዒ ኔርኪ፣ ሕጂኸ ከምኡ ዓይነት ኣገባብ ሓጋዚዶ ይመስለኪ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ንድሕሪት ተመሊሰ ክሓስቦ ከለኹ እቲ ቀንዲ ጸገመይ ኰይኑ ዝስምዓኒ ንሱ እዩ። ካብ ታሽዓይ ክፍሊ ኣትሒዘ ፈጺመ ምስ ካልእ ሰብ ኣጽኒዐ ኣይፈልጥን እየ። በይነይ እየ ዘጽንዕ። ምስ ካልኦት ሰባት ዘይመጽንዐየይ ምኽንያት ድማ ድሕሪ ትምህርተይ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተፈደስኩ ብዙሕ ካብ ገዛ ኣይወጽእን እየ። ናይ ቤት ትምህርተይ መሓዙተይ ኣብ ቤት ትምህርትን ክሳብ ገዛይ ዝበጽሕን ደኣ እዩ እምበር ኪንዮኡ ዝኸይድ ኣይኰነን። ሓደ ካብቲ ምስ ኣቦይ ከጽንዕ ከለኹ ይጠቕመኒ ነይሩ ዝብሎ፡ እተን ከነጽንዕ ከለና ዝህበኒ ዝነበረ ኣብነትን ኣዘራርባኡን እዩ ዝዝከረኒ። እሞ እዚ ዝሓተትካኒ ክምልሶ እንተ ኾይነ ኸኣ ብርግጽ ሓጋዚ እዩ መልሰይ። እዚ መልሲ'ዚ ክምልስ ከለኹ ግን ኣብ ውሽጠይ ዝፍጠር ሕቶ ኣሎኒ። ኣቦይ ኵሉ ግዜ ኣቦይ እዩ ንዓይ እንትርፎ ንጽቡቕ ንሕማቕ ዝብሃል ፈጺሙ ኣይሓስብን እዩ። በዚ መሰረት፡ ካልኦት ሰባት መጻንዕቲ እንተ ገይረ ናብ ሕማቕ መንገዲ ከዘንብሉኒ ይኽእሉ እዮም ኢለ እሰግእ።

ኣማኻሪ፥ ዝሃብክኒ መረጋገጺ ዘሎዎ መልሲ ናይ ብሓቂ ኣድኒቐዮ። ካብ'ቲ ኣነ ክብለኪ ዝሓሰብኩ ሓገዝቲ ምኽርታት ድሮ፡ ኣብ መረዳእታኽን ኣብ ገዛኹምን ምህላዉ ጽቡቕ መረዳእታ ኣሎኪ ክብል እፈቱ። ብዛዕባ እታ ብውሽጥኺ ተፈጢራ ዘላ ሕቶ እንተ ርኢና ግን ከተስተብህልሉ ዝግብኣኪ ስፍሕ ዝበለ ኣመለኻኽታ ዘድልየኪ ኰይኑ ይስምዓኒ። እቲ ፈሪሕክዮ ዘለኺ ጸገም 'ፍጹም ከምኡ ዝብሃል የልቦን' ኩነ፡ 'ኩሎም ኣብ ዙርያኺ ዘለዉ መዛኑኺ ግን ፈጠርቲ ጸገም እዮም' ክንብል ኣይንኽእልን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ብዙሓት ክረብሑኽን ክትረብሕዮም እትኽእሊ ሰባትን ኣለዉ ክብሃል ይከኣል እዩ። ካብ'ቲ ኣብ ሰብ ዝርከብ ጸጋ ሓደ ማሕበራውያን ምኳንና እዩ። ንፍተው ንጽላእ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሰብኣውነትና ክህሉ ዘይንደልዮ ነገር፡ ብዘይ ሰብ ምንባር እዩ። ጉዳይኪ ብዓቢኡ ካብ ሰብ ናይ ምንጻል ጸገም እዩ ኣይንብልን። ግናኸ 'መዛኖይ ናብ ሕማቕ መንገዲ ክመርሑኒ እዮም' ምባል ናብ ጸገም ናይ ምንጻል ከውድቕ ይኽእል እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘይረኣየኪ ጽባሕ ግን ኣገዳስነቱ ብፍሉይ ክትሓስብዮ እትኽእሊ ነገር እዩ። ጽባሕ ንዓኺ ዝኸውን መጻምድቲ ከም ዘድልየኪ ኣብ እትሓስብሉ ግዜ 'ኩሎም ሕማቓት እዮም' ኢልኪ ክትድምድሚ እንተ ኽኢልኪ ሳዕቤኑ ማሕበራዊ ጉድለት፡ ጸኒሑ ድማ ስነኣእምሮኣዊ ሸግራት ከምጽእ ይኽእል እዩ። ናብ'ቲ ቀንዲ ነጥበይ ክኸይድ፥ ናብ ሕማቕ መንገዲ ከየዘንብሉኒ ብምባል ካብ ረብሓ መዘና መታን ከይትጉድሊ ክትገብርዮ ዝግብኣኪ ነጥብታት ምሕሳብ የድልየኪ። እቲ ናባይ ዝቐርብን ኣነ ድማ ዝቐርቦን ሰብ ደረት ከም ዘሎዎ ፈሊጥካ ምቕራብ መምርሒኺ ክትገብርዮ ይግብኣኪ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ዕላማኺ ዘሰናኽልን ነቶም ኣብ ገዛኽን ካብ ቤተሰብክን ዝተማሃርክዮም ማሕበራዊ ክብርታት ዘዘንብል ምስ ዝኸውን እምቢ ምባል ከም ዘድልይ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ከም ካልእ ነጥቢ ድማ ምስ መዛኑኺ ክትቀርቢ ከለኺ ነቲ ከይመጽኣኒ ብምባል እትፈርህዮ ጸገማት ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ትረብሕዮም ረብሓታት'ውን ሚዛን ሂብኪ ምቕራብ ከም ዘድልየኪ ክትሓስቢ ይግብኣኪ። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ናትኪ ጽልዋ ዘድልዮም ሰባት ኣብ ዙርያኺ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ዘይምስሓት የድሊ። ሰብ ነቲ ንዕኡ ዘርብሖ ረብሓ ጥራይ እንተ ሓሲቡ፡ ማሕበራዊ ተነጽሎን ሓርጉጽገጽን ከም ዘጋጥሞ ክዘንጋዕ የብሉን። ስለዚ ዘይነብ እቲ ወይ እታ ንትምህርቲ ዘርብሓኪ/ትረብሓኪ/ መዘና ክትመርጺ ደኣ ሕሰቢ እምበር፡ ካብኡ ምርሓቕ ፍታሕ ክኾነኪ ኣይክእልን እዩ። ብዓቢኡ ድማ እዚ ኣብ ቀድሚኺ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ግዝያት ምስ ካልኦት ሰባት ብግዲ ክትበሃሃልሉ ዝግብኣኪ ግዜ ስለ ዝኾነ ካብ ሕጂ ጀሚርኪ ክትዳልውሉ ሕሰቢ።

ብዛዕባ እቲ 'ብሰንኪ ፍርሒ እቲ ዘጽናዕኩዎ ነጥብታት ይጠፍኣኒ፡' ዝበልክዮ ሕቶ ድማ ኣብ ፍርሒ ኣመልኪተ ገለ ክብለኪ እፈቱ። ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ ፍርሒ ዝፈጥረልኪ ምኽንያት ኣብ ፈተና ኮፍ ምስ በልኪ ዘይኩነ፡ 'እቲ ኣጽኒዐዮ ዘለኹ መጽናዕቲ ነዚ ተዳልዩ ዘሎ ፈተና ይገጥም ድዩ' ኢልካ ምስጋእ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት እቲ ከተጽንዒ ከለኺ ትጥቀምሉ ኣገባብ ነቲ ዝመጽኣኒ መርመራ ይዳለው ኣለኹ ብምባል እዩ። ትምህርቲ ማለት ግን ፈተና ማለት ኣይኰነን። ኣገዳስነት ፈተና ነቲ ዝተማሃርክዮን ዘጽናዕክዮን ትሕዝቶ ትምህርቲ ብግቡእ ፈሊጥክዮዶ ወይ ተረዲእክዮዶ እዩ ዝመዝን። ስለዝኾነ ድማ ፈተና ንጽቡቕኪ እዩ። ደረጃኺ ትፈልጥሉን ንመጻኢ ኣብ ምንታይ ክፋል ኣርእስቲ ናይ ትምህርትኺ ከም እትተኩሪ ይነግረኪ። በዚ መሰረት ፈተና ከፍርሓ የብሉን። ካብ'ዚ ሕጂ ክነግረኪ ዝጸናሕኩ ነጥቢ ሓደ ነጥቢ ክንጸሙቕ፥ ካብ'ቲ ፍርሒ ዝፈጥረልኪ እቲ ትረብሕዮ ረብሓ ብምሕሳብ ፍርሕኺ ናብ ረብሓኺ ቀይርዮ።

ኣብ እዋን ፈተና ድማ ብዛዕባ እቲ ትፍተንዮ ዘለኺ ፈተና ደኣ ሕሰቢ እምበር፡ 'እተርፍዶ ይኸውን?' 'ውጽኢተይ ክንደይ ይኸውን?' 'ብዓል እገለ ወይ እገሊት ይቕድሙኒዶ ይኾኑ?' ብምባል ኵኖ እቲ ተቐሚጥክሉ ዘለኺ ፈተና ኣይትሕሰቢ። እንተ ኽኢልኪ'ውን ነተን ትመልክየንን ትተኣማመንለንን ሕቶታትን ብምጅማር ፍርሕኺ ኣወግዲ። ዘርብሓክን ትፈትዎዮን ኣገባብ ኣጸናንዓ ምምራጽ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ምትእምማንኪ ብምዕባይ ፍርሒ ከም ዘይስምዓኪ ዝገብር ነገር እዩ እሞ፡ ኣገባብ ኣጸናንዓኺ ንምትዕርራይ ሓሰብሉ። ብመሰረቱ ፍርሒ ሕማቕ ስለ ዘይኮነ ብዘይ ፍርሒ'ውን ነቲ ዘለኻዮ ኩነታት ኣብሊጽካ ክትፈልጦ፡ ካብኡ ዝዓብይን ዝሓሸን ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ደረጅኡ ዝሓለወ ፍርሒ ምኽንያት ዕብየት ክኸውን ይኽእል እዩ እሞ ንፍርሕኺ ኣንቢብኪ ንለውጢ ተጠቐምሉ።

ካባኺ ዝረኣኹዎ ጽቡቕ ነገር ኣሎ። ኣብ'ተን ቀዳሞት ሸሞንተ ዓመታት ትምህርቲ ምስ ኣቦኺ ተጽንዒ ስለ ዝነበርኪ ካብ'ቶም ሰለስተ ብሉጻት ተማሃሮ ትኾኒ ነይርኪ። ድሕሪኡ ዘሎ ግዜ ድማ ብዘይ ኣቦኺ በይንኺ ኣብ እተጽንዕሉ ግዜ ተወሳኺ ሓገዝ ደኣ እዩ ኣድልዩኪ እምበር ደረጃ ብቕዓትኪ ኣይጐደለን። በዚ መሰረት ነዛ ዘላ ጽቡቕ ዓቕሚ ብዝበለጸ ኣፍራዩት ንምግባራ እቲ ዝነበረ ጽቡቕ ልማድ ምስ ሰብ ናይ ምጽናዕ ኣገባብ ተጠቐምሉ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ብሓቂ እየ ዘመስግን። ዝርዝራውን ሃናጽን ምኽርታት ለጊስካለይ ኣለኻ። ከተግብሮ ድማ ክፍትን እየ። ብዝበለጸ ግን ፍቓድካ እንተ ኾይኑ ደጊመ መታን ከስተብህለሉ ኣብ ጋዜጣ እንተ ዝወጽእ ጽቡቕ ይመስለኒ። ስለዚ እንታይ ይመስለካ?

ኣማኻሪ፥ ጽባሕ ሰንበት ክትወጽእ እያ ኣይብለክን። ኣብ'ዘን ቀረባ መዓልትታት ግን ክትወጽእ ትኽእል እያ እሞ ተኸታተልያ።

## ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

"ሓጐስ ምምቃል እምበር ስቓይ ምምቃል ዕርክነት ኣይፈጥርን።"

- Friedrich Nietzsche

"እቲ እሙን ዓርከይ ዝብሃል፡ ንጽቡቕ ዓቕመይ ካብ ዝተሓብአ ጕርጕሩ ዘውጽእ እዩ።"

- Henry Ford

"ዕርክነት ማለት፡ ፍቕሪ ብዘይ መንገብገባ ማለት'ዩ።"

- Lord Byron




ሓበን ተስፋሚካኤል

# ጠፈርተኛታት 'ናሳ'፡ ኣብ ማርስ - ናይ ሰለስተ ዓመት መደብ ይሕንጽጹ

ጠፈርተኛታት መደበር ጠፈር ናሳ - ኣመሪካ፡ ምርምራቶም ንምኽያድ ናብ ፕላኔት ማርስ ብምኻድ ንእስታት 3 ዓመት ዝቕመጡሉ መደብ ሓንጺጾም ምህላዎም ሓቢሮም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኑቲ ኣብ 2030 ጀሚሮም ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ዝሓስቡ ዘለዉ መደቦም ንምፍጻም፡ ብዙሕ ብድሆታት ክጸንዮም ምዃኑ'ዩም ኣብ መጽናዕቶም ኣሚቶም ዘለዉ። ንሳቶም፡ ገለ ካብቲ ኪጋጥሞም ኮሚቶምዎ ዘለዉ ብድሆታት፡ ጸቕጢ ናይ ኣእምሮን ብሰንኪ ካብ ስድራቤቶም ምፍልላዮም ክስዕብ ዝኽእል ሕማምን ሻቕሎትን ምዃኑ



ኣረዲኦም። ካብ ፕላኔት ማርስ ናብ'ዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ብዘሸካ መንገዲ ክራኸቡ ዘይክእሉ ብምዃኖም ድማ፡ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ኑቲ ጸገም ንምፍታሕ ዝሕግዝ ዓበይቲ ቴክኖሎጂታት ክመሃዙ ከም ዘለዎም ንክኢላታት ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ጠፈር ነዊሕ ዓመታት ምቕማጥ፡ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕብ ዝኽእል ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መጽናዕቶም ኣይተሓብኡን። እዚ ከኣ፡ ሕዱር ሕማም ከኸትል ዝኽእል ስለዝኾነ፡ ብዘይካ'ቲ ቅድሚ ናብ ጠፈር ምኻዶም ዘኪይድዎ ሓፈሻዊ ክንክን ጥዕና፡ ኣብ ፕላኔት ማርስ ኲዮኖም'ውን ጥዕናኦም ክከታተሉ ዝሕግዞም ባይታ ክህሉ ኣቐዲሞም ዝጽዕሩሉ ዘለዉ ጉዳይ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብሪሆም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ተሪፉ ዘሎ ሸውዓተ ዓመታት፡ ተመራመርቲ መደበር ጠፈር ናሳ፡ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ክኢላታት ቴክኖሎጂ ሽርክነት ብምፍጣር፡ ኣብ ማርስ ዝሕግዞም - ዘድሊ ጠለባት ንምምላእ ክሰርሑ ተበጊሶም ምህላዎም ኣዘራርዮም።

# 'ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ መድሃኒት' ዝምህዙ ዘለዉ ጃፓናውያን

መድሃኒት፡ ኑቲ ዝሓመመ ክፋል ኣካላትና ክፍውስ ተባሂሉ ዝወሃበና'ኳ እንተኾኑ፡ ብቐጻሊ ምዝውታሩ ግን፡ ጉድናዊ ሳዕቤን ከኸትለልና ከም ዝኽእል ንጹር እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ፡ ቅድሚ ብሕማም ምጥቃዕካ ኣቐዲምካ ጥዕናኻ ክትከታተል ዝምሕጸን።



ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ቶክዮ - ጃፓን፡ ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ መድሃኒት ክምህዙ ይሸባሸቡ ኣለዉ። ንሳቶም፡ ዝኢ ሓሲቦሞ ዘለዉ ኣብ ተግባር ንምውዓል፡ ዝዀመቼ መጽናዕቲ ይጽበዮም ምህላዉ እዩም ዝገልጹ። እቲ ንፈተነ ቀሪቦሞ ዘለዉ መድሃኒት፡ ምስ መትንታት ሓንጎል ዝተኣሳሰር ከም'ኡ'ውን ምስ ምኽሳዕ ኣካላት ዝተሓሓዘ መድሃኒት ምዃኑ የረድኡ።


እቲ ዛጊት ንመትንታት ሓንጎልን ምኽሳዕ ኣካላትን ክምዝፍውስ ኲዩኑ ክምዝዓሎ ገሊጾምዎ ዘለዉ መድሃኒት፡ ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ ጊደሮም ምስ ኣዳለውዎ፡ ምስ ግዜ ድማ ካልኦት ሕማማት ክምዝፍውስ ጊደሮም ንኸቕርብዎ ክመራመሩሉ ምዃኖም እቶም ተመራመርቲ የብርሁ።

ንሳቶም ቀጺሎም፡ ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ መድሃኒት ናይ ምድላው ምርምሮም ዕዉት ምስ ዝኾውን፡ ኣብ ዓውዲ ጥዕና እቲ ዝዓበየ ኣበርክቶ ኲዩኑ ከም ዝምዝገብ ሓቢሮም ኣለዉ።

# ንራጂ ክትትክእ ተስፋ ተነቢሩላ ዘሎ ምህዞ

ብኣዒንትና ክንርእዮም ዘይንኽእል ውሽጣዊ ኣካላትና፡ ብመንገዲ ራጂ (x-ray)ን ካልእ መሳርሒን ተጠቒምና ኢና ክንዕዘቦም እንኽእል። መሃንድሳት ክተዓጻጸፍን ለውጥታት ክርእን እንኽሎ፡ ብመንገዲ'ታ ዝተጣበቐትሉም ወረቐት ክዕዘቡዎ ክኢሎም።

ኣብ'ቲ ምርምር ዝተሳተፈ ዶ/ር ቼን፡




ዩኒቨርሲቲ ማሳቹሰተስ - ከምብሪጅ፡ ኣብ ኣእዳው ጠቢቃ ውሽጣዊ ኣካላት እትርኢ ወረቐት ምሂዞም ከም ዘለዉ ሓቢሮም።

እታ እትጣበቕ ወረቐት (sticker)፡ ዓቐና ክንዲ ቴምብር ኲያና፡ ሓንሳብ ምስ ኣጣበቕናያ ናይ 48 ሰዓታት ምንቅስቓስ ኣካላትና ክተርእየና ብቐዓት ዘለዋ ረቓቕ ቴክኖሎጂ እያ። ዝኢ ንምኽያድ፡ ፈለማ ብሕክምና ዝተዳለወ ቅብኣት ኣብ ቆርበትና ብምልካይ ኢና ኒታ ወረቐት እነጣብቓ። ብድሕሪ'ዚ ዝተፈላለየ ንጥፈታት እናኣካየድና፡ ኮፍ ክንብል፡ ክንገፍ፡ ክንጉዓዝ ኮታስ ካብ'ቲ ዝፈኸሰ ክሳብ እቲ ዝኸበደ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እናኣተግበርና፡ ኩነታት ውሽጣዊ ኣካላት ክትሕብረና ትኽእል።

ዝኢ ቴክኖሎጂካዊ ምዕባለ ንምጽናዑ ወለንታውያን ሰባት ዝተሳተፍዎ ምርምር እዩ ተኻይዱ። እቶም ተሳተፍቲ ምሉእ ጥዕና ዘውንኡ ኲዮኖም፡ እታ ወረቐት ኣብ ኢዶም ተለጢፋትሎም። ካብ'ኡ ብምቕጻል፡ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ኣካይዶም። እታ ዝተጣበቐትሎም ወረቐት ድማ፡ ናይ 48 ሰዓታት ጸብጻብ ውሽጣዊ ኣካላቶም ከተርእዮም ክኢላ።

ካብኡ'ዉም፡ ኒታ ወረቐት ጊደሮም ከቢድቲ ሓጻውን ዘልዓሉን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካየዱን ተሳተፍቲ፡ ጭዋዳታቶም "ዝ እትጣበቕ ወረቐት ተጠቒምካ፡ ልቢ፡ ሳንቡእ፡ ኩሊትን ካልኦት ውሽጣዊ ኣካላትን ዘካይድዎ ንጥፈታት ክትርእዮም ምኽኣል፡ ነጥበ መቐይሮ ሕክምናዊ መርመራታት እዩ። ኣብ መጻኢ'ውን፡ እዛ መሳርሒት፡ ንራጂ፡ ብጨረርታ ኣብልካ ዝኽይድ ረቂቕ መርመራታት፡ MRIን ካልኦት መሳርሒታትን ክትትክእ እትኽእል እያ" ክብል ኣገዳስነት ናይ'ታ መሳርሒት የብርህ።

እቶም መሃንድሳት፡ ሕሙማት ኣብ ክንዲ ሕክምና ከይዶም ራጂ ዝርእዩ፡ ኒታ እትጣበቕ ወረቐት ካብ መሸጣ መድሃኒት ዓዲጎም ክጥቀሙላ ዘኽእሎም መንገዲ ክፈጥሩ ምዃኖም ገሊጾም ኣለዉ። ኣብ መጻኢ'ውን፡ ኒታ ምህዞኦም፡ ኣብ ማህጸን ኣደ ንዝምዕበል ደቂ ክተርኢ እትኽእለሉ ኣገባብ ጊደሮም ከማዕብልዋ ምዃኖም ሓቢሮም።

ኒታ ኣብ ኢዶም ዘላ ምህዞ ግን፡ ተወሳኺ ምትዕርራያት ምስ ኣካየዱላ፡ ንዕዳጋ ሕክምና ከም ዘውርድዋ ኣፍሊጦም። ብዘይካ'ዚ፡ ብባተሪ እትሰርሕ ብምዃና፡ ስልኪ-ኣልቦ ተጠቒምካ፡ ምስ ሞባይልን ኮምፕዩተርን ተላገብ ክትዓሎ፡ ካብ'ቲ ተሓንጺጹ ዘሎ መደባቶም ምዃኑ'ውን ሓቢሮም ኣለዉ።

# "ልሙዕ ቦታን ገማግም ባሕርን ብልሒ ኣእምሮ ይውስኽ" ተመራመርቲ

ተፈጥሮኣዊ ጺጋታትን ልሙዕ ቦታታትን ኣብ ምሕዳስ ኣእምሮና ዘለዎ ተራ ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሓት መጽናዕትታት'ውን፡ ሓደ ህጹን ልሙዕ ቦታ እናተዓዘበ ምስ ዝጸብ፡ ብቕዓት ኣእምሮኡ ከም ዝወሰኸ ይምስክሩ። እተኣብረሉ ሰፍራ ጥቓ ገማግም ባሕሪ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ሓንጎልካ ክሕይልን ዚያዳ ንጡፍ ክትከውንን ዝሕግዝ ምዃኑ፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ኣተኲሮም ዝጸንዑ ተመራመርቲ ይሕብሩ።

ኣብ ጥቓ ማያዊ ኣካልን ጻዕቂ ዘይብሉ ቦታን ዝቕመጡ ሰባት፡ ምስኦም ኣብ ጸዑቕ ቦታ ዝነብሩ ምስ ዝወዳደሩ፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮኦም ዝበለጸ ምዃኑ'ዩ ዝገለጽ። ማይ ምስ ሓንጎል ዘለዎ ምትእስሳር ብደቂቕ'ኳ እንተዘይተመርመረ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ጺጋታት ዝማዕረገ ቦታ ምንባር ግን፡ ተገንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮ ዘሐይልን ባህታ ዝፈጥርን ምዃኑ ክግለጽ ጸኒሑ እዩ።




መበዝሕትኡ ጸገማት ኣእምሮ፡ ኣብ ጻዕቂ ፋብሪካታትን ሰባትን ዝመልኦ ኣከባቢ ከም ዘጋጥም ብሓቂ ይሙ ስነኣእምሮ ይገልጽ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሰባት፡ መተብሮኦም ንምምሕያሽን ዝተማልአ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምርካብ፡ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብብዝሒ ይግዕዙ ኣለዉ። እዚ ተርእዮ'ዚ ንኣእምሮ ወዲ-ሰብ ጸቕጢ ዝፈጥረሉ ስለዝኾነ፡ ዝተፈላለየ ጸገማት ኣእምሮ ኣብ ምስዓብ ጠንቂ ኲዩኑ ከም ዘሎ'ዩም እቶም ተመራመርቲ ዘገንዝቡ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ከባቢ ገማግም ባሕሪ ምቕማጥ ዘፍርሖምን ዘሻቕሎምን ሰባት ኣይተሳእኑን። ዝኣቶም ተኻፈልቲ ጺጋታት ገማግም ባሕርን ተፈጥሮኣዊ ጸባቐን መታን ክኸውኑ ግቡእ ስነኣእምሮኣዊ ሓገዝን ምትብባዕን ክወሃቦም ከምዘለዎ እቶም ተመራመርቲ የጸንዑ።

ንሳቶም፡ ዓሚቕ መጽናዕቲ እናኣካየዱ፡ ምርጫ ሰባት ኣብ ክንዲ ኣብ ጥቓ ፋብሪካታት ዝመልኦ ቦታ ምቕማጥ፡ ኣብ ባህርያዊ ልሙዕ ኣከባቢ ክቕመጡ ዝደፋፍኦም መረዳእታ ክቕርቡ ክጽዕሩ ምዃኖም ገሊጾም ኣለዉ።

ኣብ ጥቓ ባሕርን ቀላይን ምንባር ዘምጽኦ ምንቅቓሕን ምሕያል ሓንጎልን ናይ ምጽናዕ ተበግሶታት፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣቓልቦታት ተመራመርቲ ስሒቡ ከምዘሎ እዩ ዝንገር።

# "ብሕብርታት ዘወቀቡ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ምዕዛብ፡ ኣዒንቲ ኣትለታት የነጽር" ክኢላታት

ኣትለታት፡ ዝተፈላለየ መኣዛታት መግቢ እናተመገቡ ጥዕናኦምን ክእለቶምን ክዕቅቡ ከም ዝኽእሉ ርዱእ እዩ። ዝተፈላለየ ሕብርታት ዘለዎ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ክምገቡ ኢሎም ክቕረቡ እንከለዉ ድማ፡ ርእየት ኣዒንቶም ክንጸር ከም ዝሕግዞም ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጂዮርጂያ ሓቢሮም።

"ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ፍሩታታትን ኣሕምልትን ኣብ ጣውላ ምስ ተቐረቡ፡ ኣዒንትና ክርእዮ እንከሎ ጥራይ'ዩ እቲ ጥቕሙ ዝጅምር። እዚ ከኣ ከይተመገብናዮ እንከለና ረብሓ ስለንረኽበሉ፡ ኣዒንትና ኑቲ ቀጠልያን ኣራንሸኝን ሕብርታት ምስ ረኣዩ ጥራይ፡ ንረቲና ኣዒንትና ብንጹር ክርኢ ክሕግዞ ይኽእል። እዚ ከኣ ከይተመገብናዮ እንከለና ጥራይ ጥቕሚ ክህቡና ይጅምር ማለት እዩ" ይብል ክኢላ ስነ-መግቢ ቴክኖሎጂ ተመራማሪ ጃክ ሃርዚ።

ኣትለታትን ተጻወትቲ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስፖርትን ብብዝሒ ብሕብርታት ዝወቀበ ሓምልን ፍሩታን ክዕዘቡን ክምገቡን ዝመኸሩ እቶም ተመራመርቲ፡ እዚ ምስ ዝገብሩ፡ ንጹርነትን ዕቤትን ርእየት ኣዒንቶም ማዕበሉ፡ ኣብ'ቲ ዘካይድዎ ውድድራት ስፖርት ዕወታት ኲዮኖም ክወጽኡ ከም ዝሕግዞም የረድኡ። ብዓቢኡ ከኣ፡ ንጥዕና ኣዒንቶምን ብልሒ ኣእምሮኦምን ዘማዕብል ስለዝኾኑ፡ ከዘውትርዎ ከም ዘለዎም ወሲኾም መኺሮም።



ፍሩታታትን ኣሕምልትን ምምጋብ ንኣትለታት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ኩሉ ዕድመ እንርከብ ሰባት ዘድልየናን ጥዕናና ኣብ ምምሕያሽ ዝሕግዘናን ብምዃኑ፡ ብፍላይ ተፈጥሮኣዊ ሕብርታት ዘወቀቡ ኣሕምልትን ፍሩታታትን ክንምገብ እቶም ተመራመርቲ ኣዘኻኺሮም።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ፈታዊ ከልቢ

**መበል 11 ክፋል፦**

ብርሃን ንዝተቐረበሉ መግቢ ቀው ኣሉ ርእዩ። ክበልዕ ፈጺሙ ኣይደለየን። እንተኾነ ኣዴኡ ከይትዛረቦ ብምባል ክበልዕ ጀመረ። ሓንቲ ከላሶ ኣብ ኣፉ ኣእትዩ ክሕይኽ ጀመረ። ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ኔሩ ኣብ ኣፉ ዝበረት መግቢ ከም ማስቲካ ደጋጊሙ ሓየኾ። ድሕሪ ክንደይ ግዜ ግን ወሓጦ።

'እዋእ ንጃክ መን ወሲድዎ ማለት እዩ? እዚ ኩሉ ተገዲሰ እናዕበኹዎ ከመይ ገይሩ ባዕሉ ይኸይድ?' ንበይኑ ተዛረበ። ከምዚ ኢሉ እንክሎ ገለ ሸዱሽተ ከላሶ ከሎ። መግቢ ምብላዕ ስለዝኣበዮ ብዩቲ ሒዙ ናብ ክሽነ ከደ።

ኣብ ክሽነ ዝበረት ኣዴኡ ነቲ ብዩቲ ርእያቶ። እቲ መግቢ ከም ዘበሮ ስለዝረኣየቶ፡

"ብርሃ ወደይ እንታይ ኴንካ ዘይበላዕካ?" ዓይኒ ዓይኑ እናርኣየት ሓተተቶ። ገጹ ናይ ጋሂ ምልክት ነሮ።

ብርሃ "ማማ ምብላዕ ኣብዩኒ። ንጃክ ከይረኸብኩዎ ኣይቀስንን እየ። ሕጂ ክደልዮ ኣለኹ" ኢዱ ክሕጽብ ጀመረ።

"ሕራይ ክትደልዮ ኢኻ። እንተኾነ ጸሓይ ሓንሳብ ጠለስ ትበለካ" ስምረት እናሓለወት ተዛረበቶ።

"ኣንቲ ማማ ሰቐ ኣለ ኩፍ እንተኢለ ድኣ መለሱ እንተጠፍኣኸ" ብርሃ ጃክ ዝርሕቐ ዘሎ ኮይኑ ይሰምዖ ነበረ።

## ዛንታ

"እዋይ ብርሃ ወደይ በዚ ከልቢ ክትሓምም ኢኻ። ሓንሳብ ዓቕሊ ግበር። ከድ ኣብ ሳሎን ኴንካ ኣዕርፍ" ናውቲ ክሽነ እናልዓለት ተዛረበቶ።

"ኣንቲ ማማ በጃኺ ሕጂ ክኸይድ እየ" ካብ ክሽነ ወጸ።

"ኣየ ንሸኻ ዝሓሰበቶዮ ከይገበርካ መዓስ ትድቅስ ኴንካ በል ከድ ሕራይ የሳልጠልካ" ኣደ ብርሃ ድላዩ ክገብር ኣፍቀደትሉ።

"ሕራይ ማማ ከይደ" ናብ ወሻጢ ሳሎን ኣትዩ ክዳውንቱን ጫምኡን ቀየረ። ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበለ ድማ ካብ ካንሸሎ ወጺኡ ናብ ኣቤል ዓርኩ ከደ።

ኣቤል ኣብ መንገ ምስሑ ናብ ብርሃ ዓርኩ መጽኣ። ኣብ ቅድሚኡ ደው ድሕሪ ምባል ድማ፡

"ብርሃን ዓርከይ ደሓን ዲኻ? እንታይ ድኣ ገጽካ ገለ መሰልካ?" ኔቲ ኣብ ኢዱ ዝበረ ጸብሒ እናልመጸ ተዛረበ።

"ኣቤል ዓርከይ ጃክ ጠፊኡ" ብርሃ ብሕዙን መንፈስ ተዛረበ።

"እዋይ!" ኣቤል ሰንበደ። ቀጺሉ፡ "መዓስ ድኣ ጠፊኡ?" ኣቤል ብሰንባደ ተዛረበ።

"እንዳዒ ካብ ትምህርቲ ምስ ተመለስኩ ኣይጸንሓንን"

"ድሓን ብዙሕ ኣይትሕዘን ከልብና ሰለስተ ግዜ ጠፊኡ ኒዩሩ እዩ። ክልተ ግዜ ባዕሉ መጺኡ። ሓደ ግዜ ድማ ባዕልና ካብ እንዳ ሰብ ኣምጺእናዮ። ስለዚ ኣጆኻ ክንረኽቦ ኢና" ንዓርኩ ተሰኩ ክሀቦ ደለየ።



"እንዳዒ በጃኻ! ኣቤል ዓርከይ ብሓደ ኴይንና ድኣ ዘይንደልዮ" ብርሃ እናተሰከፈ ተዛረበ። ኣብ መንገ ምስሑ ምጽውዑ ጸቡቕ ኣይተሰመዖን።

"ሕራይ ኩዳልዮካ እየ። ንዓ እሞ ምሳይ ተመሳሕ" ኣቤል ንብርሃ ዓርኩ ምስኡ ክምሳሕ ዓደሞ።

"የቐንየለይ ኣቤል ዓርከይ ኣነ ተመሲሐ እየ። ንስኻ ተመሲሕካ ምጽእ። ኣነ ኣብዚ ክጸንሓካ እየ" ብርሃ ኒታ ኣብ ግንባር ኣቤል ዓርኩ ዝበረት ፍንጃእ እናጠመተ ተዛረበ። እዛ ማእከል ግንባር ኣቤል ዘላ ፍንጃእ ብርሃ ወዲ ሸዱሽተ ዓመት እንከሎ እናተጻወቱ ዘፈግኦ እዩ። ክልቲኦም ድማ ብፍሉይ ይዝክርዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ክልተ ዘይፈላለዩ ኣዕሩኽ እዮም።

"ክንርመካ ጸቡቕ ገይረ ስለዝበላዕኹ ጸገብ እየ። ኣብዚአ ጽንሓኒ ኢደይ ተሓጺበ ክመጽእ እየ" ንወሻጢ ገዛ ኣተወ።

ብርሃ ንኸልቢ እንዳ ዓርኩ እናተዓዘበ ንኣቤል ዓርኩ ክጽበ ጀመረ።

ኣቤል ብዙሕ ግዜ ከይወሰደ ናይ ኢዱ ማይ እናጸረገ ናብ ኣቤል መጽኣ።

"ብርሃን ዓርከይ በል ንኺድ። በየን ኢና ክንጅምር?" ኣቤል ንጃክ ምድላይ በየን ከምዝጅምሩ ሓተቶ።

"እንዳዒ በየን ንጅምር" ብርሃ ሓሲቡሉ ስለዘይጸንሐ ተመሊሱ ንኣቤል ዓርኩ ሓተቶ።

"እሞ በዚ ዱጋ ናይ ገዛውትና ንጀምር"

ብርሃ "ጸቡቕ ንኺድ" ተመራሪሖም ካብ ካንሸሎ እንዳ ኣቤል ወጽኡ።

ንገዛውቶም ሓሊፎም ናብ ዱጋ ቤት መኻእ በጽሑ። ኣብቲ ዱጋ ብኹሉ ዙርያ ፈተሹ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰባት ሓተቱ። እንተኾነ ንጃክ ዝርኣዩ ሰብ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ኔቲ ኸባቢ ደጋጊሞም ፈተሹዎ። ጃክ ግን ኣብቲ ከባቢ ኣይነበረን።

ናብቲ ሓደስቲ ናይ ጤሳ ገዛውቲ ኣትየም ክሱብ ዒላ ሰብረ በጽሑ። ጃክ የለን።

ቀጺሎም ብሓሙሻ ሜትር ገደርም ናብ ከባቢ ዓዲ ሰገዶ በጽሑ። ድሕሪ ዓዲ ሰገዶ ናብ ማይ በላ ሰገሩ። እዚ ኩሉ ኮለሉም ጃክ ተሳኢኑ።


ድኻም እናተሰመዖም ናብ ቪላጅ ሰገሩ። ድሕሪ ቪላጅ ናብ ዓዲ ተለርያ ደይቦም ንጃክ ደለይዎ። እንተኾነ ተስፋ ኣይቆረጹን። ካብዚ ብምቕጻል ፎርቶ ደየቡ። ኣብቲ ከባቢ ንዘረኽብዎም እናሓተቱ ጸጸራት በጽሑ። ኣብ ጸጸራት ምስ በጽሑ ጃክ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣትዩ ከይከውን ስለዝጠርጠሩ ክልቲኦም ተቐልቂሎም ፈተሹ። እንተኾነ ኣብቲ መቓብር ጃክ ኣይነበረን።

ጸጸራት ምስ በጽሑ ኣብ ራታመ ከይከውን ጠርጠሩ። ተመራሪሖም ድማ ናብቲ ድሕሪ ቤት ትምህርቶም ዝርከብ ዝጸንሐ መናፈሻ ታንከታት፡ ... ዘለዎ ቦታ ከዱ። ኣብዚ ከባቢ ጸቡቕ ገይሮም ደለይዎ። ኣብዚ'ውን ጃክ ተሳኢኑ።

ኣብ መወዳእታ ተስፋ ቆሪጾም ኣብ መገዲ ንዝረኸብዎም ሰባት እናሓተቱ ናብ ገዛውቶም ተመልሱ።

ይቕጽል..

## ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት



**ንትኹል**

2. ምርድዳእ
3. ፍርሂ፡ ራዕዲ
5. ተማሃሮ ዘዕርፉለን መዓልቲታት
6. ዘረባ ኢልና ምዝራብና፡ ምትሕቛቓፍ ኢልና ______
8. ሰርሒ፡ ወድአ
9. ኣበራትዐ፡ ኣቕሰነ፡ ኣህድአ
10. ተሰማምዐ፡ ተፈላለጠ
11. ተኻዕወ
13. በጃ ካልኦት ምሕላፍ

**ንጋድም**

1. ዓረብያ ዝስሕብ እንስሳ
3. መስርዕ ኣትሕዞ
4. ካብ ብሄራት ኤርትራ
5. መመቀሪ
7. ሰቐና፡ ዘይምዝራብና
9. ኣኣንፈተ፡ ሓበረ
12. ኣጸበቐ፡ ኣማዕረገ

## ዕስራ ሰነ

ፍቱዋት ተማሃሮ ኣብ ዝሓለፈ 24 ግንቦት ብምኽንያት ናጽነት ኣብ ጐደናታት፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት፡ ኣብዩተ ትምህርቲ ኴይንና ብሓገስ ናጽነትና ከስተማቕር ቀኒና።

እዚ ብሓገስ ዝጽንበልናዮ ናጽነት ብኸመይ ተረኺቡ ሓሲብኩም ትፈልጡ ዶ? ብርግጽ ፈሊጥኩም ኣለኹም ብመስዋእቲ እዩ ተረኺቡ። ንናጽነት ኤርትራ ኣሸሓት ህይወት ተኸፊሉ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ወትሩ ኣብ 20 ሰነ ሸምዓ ብምብራህ ንዝክሮም።

ዝኸርና ግን ንስለ ዝኸሪ ዘይኮነ ኣዛ ህይወቶም ከፊሎም ዝሃቡና ናጽነት ክንሕልዋ ኣብ ትምህርትና ኒፈዕና ሕድሮም ክሰሞር ኣለና።

እዚም ምእንቲ ናጽነት ዝሓለፉ ሰማእታትና ንሕና ብርሃን ክንረክብ ብርሃን ከይረኣዩ ዝሓለፈ እዮም።

ፍቱዋት ተማሃሮ ንሰማእታትና ወትሩ እኳ ንዝክሮም እንተኾንና ኩሉ ኤርትራዊ ሸምዓ ብምብራህ ብሓደ መዓልቲ እንዝክረላ መዓልቲ ኣላ እዛ መዓልቲ 20 ሰነ እያ። ኣብዛ ዕለት ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ምስ ሰማእታቱ የዕልልን ሕድሮም ክተግብር ድማ ቃል ይኣትዉ። ንሕና ድማ ኣብዛ ዕለት ምስ ሰማእታትና ብምዕላል ሕድሮም ክንተግብር ቃል ክንኣቱ ይግብኣና።

እሞ ተማሃሮ'ኸ ንሰማእታትና ዘሓጉስ ስራሕ ንሰርሕዶ? ሰማእታትና ህይወቶም ከፊሎም ንሕና ከምእንቀስን ገይሮምና ኣለው። ንሕና'ኸ ንሶም ዘቐሰንሉ ስራሕ ንሰርሕ ኣለናዶ? ንሓበሮ ንፈትሾ። በሉ ፍቱዋት ተማሃሮ ንሎሚ ካብቲ ክንገብሮን ክንሰርሖን ዝግብኣና እዞም ዝስዕቡ ጠቓሚ ኣለኹም ኣብ ተግባር ክተውዕሉ እላቡ

= **ፈልሲ ምትካል፡** ኣብ ሃገርና ንሰውኣትና መዘከርታ ፈልሲ ምትካል ልሙድ እዩ። ስለዚ ንሕና ድማ ብስም ሰውኣትና ኣግራብ ንተክል።

= **ዝተተኸለ ኣግራብ ምክንኻን፡** ገረብ ተተኺሉ እንተዘይሓሊናዮ ማይ እንተዘይኣስቲናዩ፡ እንተዘይኣኽቢሰናዮ



ቀልጢፉ ስለዝሓርር። ብስም ሰውኣትና ዝተኸልናዮም ኣግራብ ግቡእ ንግቦም።

= **ንወለዲ ስውኣት ምሕጋዝ፡** ወለዲን ስድራቤት ስውኣትን ካብ ነፍሲ ወከፍና ብዙሕ ሓገዝ ስለዝደልዩ ክንሕግዞም ኣለና። ንኣብነት ማይ ምውራድ፡ እኽሊ ምጥሓን፡ ምልኣኽ፡ ገዛ ምኽሳታርን ምውልዋልን፡ ክዳውንቲ ምሕጻብ... ኮታ ብዙሕ ነገር ክንሕግዞም ስለእንኽእል ዓቕምና ዝፈቕዶ ክንሕግዞ ኣለና። ብዓበኡ ድማ ናብ ቤቶም እናኸድና ከዕልሎም ይግብኣና። ንስድራቤት ስውኣት ምሕጋዝ ሕልናዊ ዕረፍቲ ዝሁብ ሰናይ ተግባር እዩ።

ፍቱዋት ተማሃሮ እምበኣር ዝመጽእ ዘሎ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ርእሲ እቲ ሸምዓ ብምውላዕ እንዝክሮ፡ ሰናይ ተግባር ብምግባር ድማ ሕድሮም ክንፍጽም ይግብኣና።

ሰማእታትና ንዓና ክብሉ ዝሓለፉ ስለዝኾኑ፡ ንሕና ድማ ንዓታቶም ዘቐስን ስራሕ ክንሰርሕ ይግብኣና።

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!**

## ቅሰን

ወትሩ 20 ሰነ

እዝክረካ ምስ ሰድራ ኮይነ

በዓል ጣባ ማማ ከዕለሉ ጀማዝትካ

ኣመና ይምስጥ ብሕሉፍካ

ዎ ስውእ ዝሓለፍካ ምእንታና

ቀሲንና ክንዓብር ዝተበጀኻልና

ብሳላኻ ንዓብር ኣለና ቀሲንና

ኣነ ድማ ነፊዐ ተማሂረ

ሕድርካ ክፍጽም ጀሚረ

ብምትካል ፈልሲ ፈሊመዮ

ከጠቢያን ናብ ልሙዕ ቀይረዮ

እበጽሖ ኣለኹ ናብ ስድራኻ

ተሰፋ ክኾናም ኣብ ክንዳኻ

ቕሰን ስውእ ኣብ ዘለኻዮ

እፍጽም ኣለኹ ኩሉ እቲ እትደልዮ

ተማ. ህያብኤል ፍ ትሓዊ

# ሓሳባት

ሲራክ ክፍለ
መበል 38 ክፋል

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ "ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ፡ ንኣቋውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ ተመልኪትና ናይ ሶማል እውን ጀሚርና ነይርና። ሎሚ ድማ መቐጸልታኡ ኣሰዒብና፡ ናብ ኣቋውማ ሃገረ ጅቡቲ ክንሰግር ኢና፦

ቅርጺ ኣቃውማ ሕብረተሰብ ሶማል

ሕብረተሰብ ሶማል ከም ኩሉ ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ብሰለስተ ትካላት ዝቖመ እዩ። - እንዳ (ማሕበራዊ ዝምድና)፡ ሓጊ (ዓበይቲ ዓዲ) ከምኡ'ውን ሕጊ እንዳባ፡ ናይ ሶማል ሕጊ እንዳባን ሓጊ ኣካልን ምስ ኩነታት መቶብርኦም ፍሉይ ኮይኑ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋትና ዝረኣናዮ ብዙሕ ኣይፍለን እዩ። ቅርጺ ኣቋውማ እንዳታት ግን ሰቦኹ-ሶሞማዊ ኮይኑ ፍሉያት ናቱ ባህርያት ኣለውዎ። ኣብዚ ዝስዕብ ከኣ ብመጠኑ ክንገልጾ ክንፍትን ኢና።

### ኣቃውማ ሕብረተሰብ ሶማልያ

እንዳታት ሶማል

ኣብ ሶማል ኣብ ማሕረስ ዝነብሩ ሓያሎ እንዳታት ኣለዉ። እቶም ዝበዝሑ ግን ኣብ መጓሰ ዝነብሩ ሰቦኹ-ሶሞም እዮም። እንዳዊ ዝምድና ሶማል ከኣ ብቐንዱ ቡቶም ዝበዝሑ ማለት ብሰቦኹ-ሶሞም እዩ ዝረአን ዝግለጽን።

ብመሰረት ጉንዳል (Joakim Gundel: Calns in Soamlia December 2009) ኣቋውማ እንዳ ሶማል (ሰሌዳ ተመልከት)፡ እንዳዊ ዝምድና 5 ሰንሰለት ዝሓዘ እዩ። መሰረት እንዳ (Clan Family)፡ እንዳ (Clan)፡ ክፋል እንዳ (Sub Clan)፡ ቀንዲ-ወለዶ (Primary Lineage)፡ ካሕሳ ዝኸፍል ጉጅለ (Mag-paying group)።

መሰረት እንዳ- ቀዳማይ ወላዲ ዘሰምዕ ኮይኑ ክሳብ 30 ወለዶታት ንድሕሪት ዝምለስ እዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝተንተንናዮ 30 ወለዶ ንድሕሪት ማለት ኣብ 1090 ሓ.ዘ. ዝተወልደ ኣቦ ማለት እዩ። ናይ ቅድሚ 30 ወለዶ ኣቦ ከኣ 4 ቢልዮን ሰባት፡ ማለት ፍርቂ ህዝቢ ዓለም፡ ውሉዱ እየ ክብሃል ይኽእል እዩ። ኣብ ሶማል ከም መብዛሕትኡ ካልእ ቦታ ትውልዲ መስመር ኣቦ እዩ ዝኽተል።

እንዱ ኣብ ሶማል ናይ'ቶም ሰቦኹ-ሶሞም ኣርባዕተ ወይ ሰለስተ እንዳታት ኣለዉ ይብሃል። እንዳ ዳሩድ (Darood)፡ እንዳ ሃዊየ (Hawiye)፡ እንዳ ኢሳቅ (Isaaq)፡ እንዳ ዲር (Dir)። (ገለ ጸሓፍቲ ን ዲር ወይ ኢሳቅ ኣይጠቕሰዎምን) እዚኦም እንዳታት ከኣ፡ ወሉዳት እቲ መሰረት እንዳ ማለት እዮ። እንዳታት 20 ወለዶታት ንድሕሪት ዝምለሳ እየን። 20 ወለዶ ንድሕሪት ምምላስ ማለት ከኣ እቲ ኣቦ ኣብ 1390 ዝተወልደ ኮይኑ፡ ኣስታት 4 ሚልዮን ሰባት ውሉዳቱ ኢና ክብሉ ይኽእሉ እዮም።

ክፋል-እንዳ- ብዙሓት ቀንዲ-ወለዶ ዘጠቓልል እዩ።

ቀንዲ-ወለዶ- ካብ እንዳ ንእንዳ ዝፈላለ ኮይኑ ካብ 6 ክሳብ 10 ወለዶ ንድሕሪት ዝምለስ እዩ። እዚ ማለት ካብ 1610 ክሳብ 1810 ዝተወልደ ኣቦ ማለት እዩ። ካብ 255 ክሳብ 4,100 ሰባት ከኣ ከጠቓልል ይኽእል።

ካሕሳ ዝኸፍል ጉጅሉ- እዚ ምትእስሳር እዚ፡ እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝያዳ ኣገዳስነት ዘለዎ ምትእስሳር እዩ። ካብ 4 ክሳብ 8 ወለዶታት ንድሕሪት ዝምለስ እዩ። እቲ ቀዳማይ ኣቦ ከኣ 1750 ክሳብ 1870 ዝተወልደ እዩ። ኣብዚ ከኣ 63 ክሳብ 1,023 ውሉዳት ክህልዉ ይኽእሉ። ምናልባት'ውን ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ሰባት ነዊሕ ዕድመ ስለ ዝጸንሑን ብዙሓት ወሉዳት ከኣ ስለ ዝወልዱን እቲ ብዝሒ ወሉዳት ኣሽሓት ክሳብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ክበጽሕ ይኽእል እዩ። በዚ ኮይኑ ቡቲ ካሕሳ ዝኸፍል ጉጅለ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብ ሕጊ እንዳባ ሶማል ሓደ ሰብ ከም ክፋል ማሕበራዊ ጉጅለ ስለዝረኣ፡ ንኣበሎት ሓደ ውልቀ-ሰብ ኣባል ካልእ "ካሕሳ ዝኸፍል ጉጅለ" እንተ ቐቲሉ ጋር ኑበሲ ዝኸፍል እቲ ውልቀ-ሰብ ጥራይ ኣይኮነን። ብምልእታ'ታ "ካሕሳ ትኸፍል ጉጅለ" እያ ትኸፍሎ። እቲ ቀታሊ ኣዝዩ ሃብታም ኮይኑ፡ ባዕሉ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ሃልዩዎ'ውን፡ ባዕሉ ንበይኑ ክኸፍል ኣይፍቀድን። ናይ ጥንቲ ሕጊ እንዳባ ከምኡ ምኳኑ ክልተ ረብሓ ነይሩዎ። ጋር ኑበሲ 100 ኣግማል ስለ ዝኾነ ሓደ ሰብ ንበይኑ ኣይክእሎን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተ ኸኣለ'ውን ውልቀ ሰባት ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ዘለዋ ማሕበራዊ ጉጅለ (ካሕሳ ትኸፍል ጉጅለ) ብምኳና፡ ብምልእታ እታ ማሕበራዊ ጉጅለ ተሓታቲት ምግባራ ምኽንያት ይመስል። እዚ ዓይነት ስርዓት ናይ ሶማላውያን ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ መብዛሕትኡ ሕጊ እንዳባ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ዝሰርሐ ወይ ዘሎ እዩ። እንተላይ ኣብ ኤርትራ። ኣብ ኤርትራ ክሳብ እዚ ቀረባ ግዜ፡ ብሓደጋ ሰብ ዝቐተለ ቅልቲ'ኒ እዩ ዝብል ነይሩ። መበገሲኡ ከኣ እቲ ሓበራዊ ሓላፍነት ይመስል።

ካብ ኢልና ናይቶም ሰቦኹ-ሶሞም "እንዳ" ሓሙሽተ ደረጃታት ከም ዘለዎ ጠቒስና። እዚ ማለት ሓደ ሶማላዊ እንዳኡ ኣጸቢቡ ብ"ካሕሳ ዝኸፍል ጉጅለ"፡ ወይ ቀሩብ ኣስፊሑ "ቀንዲ-ወለዶ"፡ ክሳብ "መሰረት እንዳ" ክገልጽ ይኽእል እዩ።

ሰቦኹ-ሶሞም ሶማላውያን መሰረት-እንዳ ሳማል (Samaal) ዝበሃል መበቆሉ ካብ ኩራይሺ እንዳ (Qurayshi clan) እዩ ኢሎም ይኣምኑ። እንዳ ኩራይሺ ድማ ምስ ነብይ መሓመድ ከም ዝዛመዱ ይግለጽ። ሶማል ዝብል ሽም ከኣ ምንጩ ሳማል ምዃኑ ይፍለጥ። ሶማል ሓደ ዓሌት፡ ወይ ሓደ ቀቢላ፡ ወይ ሓደ ብሄር እዮም ክበሃል እንከሎ፡ ነቲ "መሰረት-እንዳ" ሳማል ዝገልጽ ምዃኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዘመናውያን ሃገራት ዝነብሩ ሶማላውያን መሰረት-እንዳ ዝቖጽርዎ ሳማል ስለ ዝኾነ። ኣብ ሶማል ብዘይካ እቶም ሰቦኹ-ሶሞም፡ ብዙሓት ካልኦት 'ንኣሽቱ' እንዳታት ኣለዉ። ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዝረኣናዮ ግጭታት ሶማል፡ በቐሊል ክግለጸን ክፍታሕን ዘይክኣለ ከኣ፡ እቶም ተጻባእቲ ሓይልታት ጉጅለና ዝብልዎ ብቐሊል ምግላጹ ስለ ዘይከኣል እዩ። ኣብ ሓደ እዋን "ካሕሳ-ዝኸፍል-ጉጅለ" ከም "እንዳ" ኮይኑ ምስ ካልእ ጉጅለ ይዋጋእ። ኣብ ካልእ እዋን እቶም ተጻባእቲ ሓይልታት "ብቐንዲ-ወለዶ" ወይ "ብክፋል-እንዳ" ወይ'ውን "ብእንዳ" ዝቖሙ ይኾኑ።

ኣብ ጥንቲ ሓሓሊፉ ዝረአ ቅትለት ብሕጊ እንዳባ ብ100 ኣግማል ዝፍታሕ ዝነበረ ሎሚ መዓልታዊ ኣማኢት ኣብ ዝሞትሉ ኩነት ብመሰረት ሕጊ እንዳባ ምፍታሑ ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ ልዕሊ እቲ ንቡር ኣብ ኩሉ ከባቢ ዝረአ "ስነ-ሓሳባዊ" ደዩ "ፖለቲካዊ" ፍልልያት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝቀያየር፡ እንዳዊ ዝምድናታትን ምፍልላያትን ንሶማል ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ሸሚሙዋ ኣሎ። ካብ እንዳዊ ተመክሮ ሶማልያ እንታይ ክንመሃር ንኽእል ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንምለሶ ኢና።

### ኣቋውማ ሃገረ ጅቡቲ

መበቆል ህዝቢ ጅቡቲ ብቐንዱ ኒላዊን ኩሻዊን እዩ። ሎሚ ብዝሒ ህዝቢ ጅቡቲ ኣስታት 900,000 ኮይኑ፡ 60% ሶማላውያን፡ 35% ዓፋር ዝተረፉ ከኣ ፈረንሳውያንን ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ዝመጹን የጠቓልል። ብዘዕባ ሶማል ዝገለጽናዮ ናይ ጥንቲ ስልጣ ዝበዝሕ ክፋሉ ንጅቡቲ ዘጠቓልል እዩ።

ፈረንሳውያን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ግዝኣት ንምሓዝ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ብዙሕ ይፍትኑ ምንባሮም ኣቐዲምና ጠቒስና ነይርና። ካብቶም ቀዳሞት ፈተነ ዝገበረ ሓደ፡ ሮቸት ሄርኮርት (Rochet d'Hericourt) ዝተባህለ ፈረንሳዊ ኮይኑ፡ ንታጆራ (Tadjoura) ካብ ንጉስ ሸዋ ሳህለ ድንግል ዝገዝአ እዩ። ይኹን'ምበር ንጉስ ሳህለ ድንግል ታጆራ ዋንኡ ኣይነበረትን። እቲ ውዕል ከኣ ሓሶት ምንባሩ ተቐሊዑ ፈረሰ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ዓደን ዝነበረ ቆንስል ፈረንሳን ካልኦትን ዝተሓወስዎ ናይ ዕርክነትን ምትሕግጋዝን ውዕል ምስ ሱልጣናት ታጆራን ጎባድን ተፈራረሙ። ጸኒሖም ከኣ መሬት ኣብ ወደብ ኦቦክ (Obock) ብ1862 ገዝኡ። ካብ ጥንቲ ክሳብ ቅድሚ ምምጻእ ኤውሮጳውያን ገምገም ባሕሪ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዝተፈላለዩ ሱልጣናት ይመሓደር ከም ዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ከባቢ ዓሰብ፡ ታጆራ፡ ጎባድ፡ ኦቦክን ካልእን ብራሒይታ (Raheita) ይፍለጥ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ንጣልያን ኣብ ከባቢ ዓሰብ መሬት ዝሸጡሉ'ውን ሱልጣናት ራሒይታ እዮም ነይሮም።

ፈረንሳ ከምቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ ትገብሮ ዝነበረት፡ መትረብ ስዌዝ ብ1869 ቅድሚ ምኽፋቱ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ቦታ ንምሓዝ እያ ትጓየ ነይራ። ካብ 1883 ክሳብ 1887 ድማ በዚ ዕላማ'ዚ ፈረንሳውያን ምስ ዝተፈላለዩ መራሕቲ እንዳ ናይቲ ከባቢ ናይ ምሕዛው ውዕል ብምፍራም ፍረንች-ሶማሊላንድ መስረቶም። ብ1897 ፈረንሳ ምስ ሃጼ ምኒሊክ ውዕል ድሕሪ ምፍርራማ ከኣ፡ እዚ ናይ ሎሚ ዶብ ኢትዮጵያ-ጅቡቲ ተሓንጸጸ።

ኤውሮጳውያን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ግዝኣት ንምሓዝ ይቀዳደሙ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን፡ ሩሲያውያን ጅቡቲ ንምግባጥ ብ1889 ፈቲኖታት ገይሮም ነይሮም። እንተኾነ ፈረንሳውያን ኣጥቂዖሞም፡ ከይሰለጦም ተሪፉ። ብድሕሪ'ዚ ናይ ጅቡቲ ፈተነ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ግዝኣት ንምሓዝ ሩሲያ ሓይሊ ዝተሓወሶ ፈተነ ኣይገበረትን። ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ግን፡ ኣብቲ ዘርከበ ንኤርትራ ክንብጥ ዝምጽሉ ዝነበረ እዋናት፡ ሩሲያ እውን ንእሽተይ ፈተነ ገይራ ነይራ። እዚ ታሪኽ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርእዮ ኢና።

ከምቲ ኣብ ታሪኽ ሶማል ዝገለጽናዮ፡ ፈረንሳ ጅቡቲ ምስ ሶማል ከይትጽንበር ብዙሕ ጻዕርታት እያ ኣካዪዳ። ቀዳማይ ረፈረንዱም ጅቡቲ ብሽፈጥ ፈረንሳ ወጽኢት ከም ዘይሃበ ኣቐዲምና ርኢና ኢና። ካልኣይ ረፈረንዱም ጅቡቲ ከኣ ብ1967 ተኻዪዱ። ኣብዚ ካልኣይ ረፈረንዱም እውን ከምቲ ቀዳማይ ዓመጽ፡ ካብ ናጽነት ግዝኣት ፈረንሳ ይሕሸና ዝብሉ ተዓዊቶም። ድሕሪ ካልኣይ ረፈረንዱም፡ ሕቶ ጅቡቲ ንሓዋሩ ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ከም ዘይክእል ብምግንዛብ ፈረንሳ ለውጥታት ኣተኣታትያ እያ። ንጅቡቲ ከኣ ግዝኣት ፈረንሳ ዓፋርን ዒሳን (French Territory of the Afars and Issas) ዝብል ሓድሽ ስም ኣጠመቐታ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ስም ምቕያር፡ ሶማላውያን ንምፍልላይ ይመስል። እቲ ብሓፈሻ ንጅቡቲ ከም ሶማላውያን ዝገልጽ መጸውዒ፡ ሽም ናይ ሓደ እንዳ 'ዒሳ' ወሲኻ ቀይራቶ።


ሳልሳይ ረፈረንዱም 10 ዓመት ጸኒሑ ብ27 ሰነ 1977 ተኻዪዱ። 98.8% ከኣ "ናጽነት" ከምዝደልዩ ኣድሚጾም። እቲ ኣብ ቀዳሞት ረፈረንዱም ግዝኣት ፈረንሳ ይሕሸና ዝብል ዝነበረ ሓሰን ጉለድ (Hassan Gouled Aptidon) ሶማላዊ ከኣ ፕረዚደንት ኮይኑ ተመርጸ። እዚ ናይ 1977 ረፈረንዱም'ውን ሶማዊ ምዃኑ ኣየጠራጥርን። እቲ ቀንዲ ፍልልይ፡ ኣብ መወዳእታ 70ታታ ቀጥታዊ ግዝኣት ኣብ ኣፍሪቃ ፋሺኑ ስለ ዝሓለፈ ጥራይ እዩ። ሓሰን ጉለድ ብ1981 ንጅቡቲ ናይ ሓንቲ ሰልፊ ሃገር ገይሩ፡ ክሳብ 1999 ወዲ 83 ዓመት ዝኾነ'ውን መሪሒዋ። ጉለድ ንሓሙሻይ ግዜ ብ1997 ተመሪጹ ድሕሪ 2 ዓመት ብ1999 ብገዛእ ፍቓዱ ብምውራድ ስልጣን ናብ ወዲ ሓዉ/ሓፍቱ እስማዒል ዑመር ጉለ (Ismail Omar Guelleh) ኣሰጋጊሩዎ። እስማዒል ዑመር ጉለ ኣብ ድሬዳዋ ዝተወልደ ኮይኑ፡ ኣብ ርእሲ ኣምሓርኛ 5 ቋንቋ ከምዝዛረብ ይንገረሉ።

እስማዒል ዑመር ጉለ ኣብ 1999፡ 2005፡ 2011፡ 2016 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብዓብላሊ ድምጺ ኣኪታቲሉ ዝተዓወተ ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ ፕረዚደንት ጅቡቲ ኣሎ።

ኣብ ዘመነ-ስልጣን እስማዒል ዑመር ጉለ፡ ጅቡቲ ናብ መዓስከር ብዙሓት ሓይልታት ወጻኢ ተቐይራ። ሎሚ ኣብ ጅቡቲ ፈረንሳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኢጣልያ፡ ጃፓን፡ ቻይና ቀዋሚ መዓስከር ኣለወን። ስዑዲ-ዓረብን ህንድን ከኣ መዓስከር ኣብ ምህናጽ ይርከባ። ብዘይካ'ዘን 7 ሃገራት፡ ብተጻጋዕነት መዓስከር ዘለወን ሃገራት፡ ጀርመንን ስፐይንን ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ፣ ብሪጣንያ ኣብ ትሕቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ጃፓንን ህንድን ከኣ መዓስከረን ብሓባር ክምስርታኦ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

እዘን ኣብ ጅቡቲ ናይ ጉዱእ ርእሰን መዓስከር ዘለወን ሃገራትን ምስአን ዝተጸጋዓ ካልኦት 10 ሃገራትን ኣብ ውሽጢ መዓስከርን ሰሊያዊ፡ ጸጥታዊ፡ ወተሃደራዊን ካልእ የድልየና ዝበላኦ ዕማማት ከካይዳ ምሉእ (ሓወሲ ልኡላዊ) መሰል ሃልዩዎን። ዝተፈላለየ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ ስትራተጂያውን ታክቲካውን ረብሓታት ዘለወን እየን።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ወረ/ኩ ኪዳነ ክልብ ኣቶ ሃይለ ኪዳነ ክልብ፥ ወሃብቲ መልሲ ወረ/ኩ ኪዳነ ክልብ፥ ኤልሳ ተስፋገርግሽ ኪዳነ +38 ኣብ ዘሎ ክርክር፥ ወሃብቲ መልሲ፦ 1.3 ኣልጋነሽ ተስፋገርግሽ ኪዳነ፥ 1.5 የናስ ተስፋገርግሽ ኪዳነ፥ 1.7 ኢሳያስ ተስፋገርግሽ ኪዳነ፥ 1.8 ተስፋይ ተስፋገርግሽ ኪዳነ፥ 2.3 ኣማኑኤል ገ/ሄር ኪዳነ፥ 2.4 ኣኽበረት ገ/ሄር ኪዳነ፥ 2.5 ኤደን ገ/ሄር ኪዳነ፥ 2.6 ሰናይት ገ/ሄር ኪዳነ፥ 2.7 ለምለም ገ/ሄር ኪዳነ፥ 2.8 ኢዮብ ገ/ሄር ኪዳነ፥ 3.1ጸጌረዳ ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.2 ኣብርሃም ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.3 የማነ ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.4 ተኽስተ ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.5 የናስ ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.6 ክብርኣብ ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.7 ሄለን ጸጋዩ ኪዳነ፥ 3.8 ሚሮን ጸጋዩ ኪዳነ፥ 4.2 ፊልሞን ተኽለ ኪዳነ 4.3 ዘቢብ ተኽለ ኪዳነ 4.4 ሉተዝጊ ተኽለ ኪዳነ 4.7 ዮዲት ተኽለ ኪዳነ 7.1 ክፊላ ሃይለማርያም 7.3 ሰለሙን ሃይለማርያም፣ 7.4 ዳንኤል ሃይለማርያም፣ 7.6 ርቢል ሃይለማርያም፣ 7.7 ማዝዎስ ሃይለማርያም፣ 9.6 ሳራ የውሃንስ 10. ንግስቲ ኪዳነ፥ 12 ዳዊት ኪዳነ 13 ኣረጋሽ ኪዳነ ን14/9/2024 ኣብ ቤ/ፍ መወዳእታ ይግባይ ሰሚዒ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ከሳሲት ወረ/ኩ/ሄር ደንቅሽ እድሪስ ኣቶ ማሰፍን መኮነን 1. ኣቶ ሙብራት መኮነን 2. ወ/ሮ ሂወት መኮነን 3. ኣቶ ተስፋይ መኮነን 4. ወረ/ኩ/ደመት እድሪስ ወረሲ ደቃ ዘውዲ ስጊድ ከሳሲት 1.1 ኤደን መኮነን 1.2 ሩታ መኮነን 1.3 ሰዮም መብራህቱ +6 1.4 ትብለጽ መብራህቱ 1.5 ኣስራት መብራህቱ 1.6 ኣሚነ መብራህቱ 1.7 ሶፍያ መብራህቱ 1.8 እልፉ መብራህቱ 1.9 ወረ/ኩ/ሄር ሃና መብራህቱ ተተካእቲ ደቃ ፍጹም ኣብርሃ 2. ወረ/ኩ/ሄር ተስፋጋብር እድሪስ 2.1 ኣለም ተስፋጋብር 2.2 ነፍ/ሄር ኣብርሃም ተስፋጋብር 3 ወረ/ኩ/ ሄር ደመት እድሪስ 3.1 ኢሳቕ ስጊድ 3.2 ነፍ/ሄር ተኽለ ስጊድ 3.3 ብርሃ ግርሙ 3.5 ጸጋ ግርሙ 3.6 ገኑት ግርሙ ዑቕቢት 3.7 ወረ/ኩ/ሄር ጉብረሃንስ ስጊድ ዑቕቢት ተተካእቲ ደቁ ኤፍሬም ጉብረሃንስ 4. ወረ/ነ/ሄር እምባፍራሰ እድሪስ 4.1 ወ/ሮ ንግስቲ ዘርኣ ኪዳነ 4.2 ወረ/ነ/ሄር እስቲፋኖስ ዘርኣ ተተካእቲ ደቁ ጠዓመ እስቲፋኖስ ዘርኣ 4.3 ሃብተ ገለ ደባስ (ሚላኖ) 4.4 ሰለሙን ገለ ደባስ 4.5 ወረ/ ነፍ/ሄር ተስፋሚካኤል ገለ ተተካእቲ ደቁ ኢሳያስ ተስፋሚካኤል ገለ 5. ወረ/ኩ/ ሄር ፍስሃ እድሪስ 5.1 ጸገወይኒ እድሪስ 6. ወረ/ኩ/ሄር ነጋሲ እድሪስ ተተካእቲ ደቁ 6.1 ይሕደጎ ነጋሲ ተኸሰስቲ ቁጽሪ 1.2 ሩታ መኮነን 3.4 ኣብርሀ ግርሙ 3.5 ጸጋ ግርሙ 3.6 ገኑት ግርሙ ዑቕቢት 4.3 ሃብተ ገለ ደባስ (ሚላኖ) 4.4 ሰለሙን ገለ ደባስ 5.1 ጸገወይኒ እድሪስ 6.1 ይሕደጎ ነጋሲ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ይጸውዑልና ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁጽሪ 35 ን4/7/23 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ሉተንገስ ደባስ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ወረ/ኩ/ሄር ሂወት ደባስ 1.1 ነፍ/ሄር ሃና ቀላቲ ተተካኢ ወዳ የናስ ሃብቲት 2. ወረ/ኩ/ሄር ገለ ደባስ ባህታ 2.1 ኣበባ ገለ 2.2 ነፍ/ሄር ሃብተ ገለ ተተካእቲ ደቁ 2.2.1 ኣቶ ዳኒኤል ሃብተ ገለ 2.2.2 ኣቶ ኤርሚያስ ሃብተ ገለ 2.2.3 ሰወእ ተስፋሚካኤል ገለ ወዲ ኢሳያስ ተስፋሚካኤል 2.3 ሰለሙን ገለ 2.4 ኣስመረት ገለ 3. ወረ/ኩ/ኣብርሃም ደባስ ባህታ 3.1 ታደለሽ ኣብርሃም 3.2 ወረ/ ነ/ሄር ፍስሃዩ ኣብርሃም ተተካእቲ ደቁ 3.3 ሕሩይ ኣብርሃም 3.4 ሄለን ኣብርሃም 3.5 ኮኾብ ኣብርሃም 3.6 ራህዋ ኣብርሃም 4. ወረ/ኩ/ሄር የሃንስ ደባስ ባህታ 4.1 ኢዮብ የውሃን 4.2 ኣሰፋው የውሃንስ 4.3 ሰናይት የውሃንስ 4.4 ደገል የውሃንስ 5. ወረ/ኩ/ሄር ትብለጽ ደባስ ባህታ 5.1 ጉብርሂወት ኣብርሃም 5.2 ሙሴ ኣብርሃም 5.3 ኣማረሽ ኣብርሃም 6. ነፍ/ት ኣብረህት ደባስ ባህታ 6.1 ጸገ ባይረ 6.2 ወልዱ ባይረ 6.3 ኣሹኩሉ ባይረ 6.4 እዮብ ባይረ 6.5 ምሕረት ባይረ 6.6 ኪዳነ ባይረ 7. የሴፍ ደባስ ባህታ 8. ወረ/ኩ ሃብተማርያም ደባስ ባህታ 8.1 ሩታ ሃብተማርያም 8.2 ኣሮን ሃብተማርያም 8.3 ቴድሮስ ሃብተማርያም 8.4 ኣቤል ሃብተማርያም 8.5 ኤርሚያስ ሃብተማርያም፣ ኣብ መንጎ ብፍርዲ በዓል ማሰልን በዓልቲ ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ ብፍርዲ ሰብ ዕዳ ኣድራሻኦም ብጹር ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብመሰረት ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጻዊዖም ን29/06/2023 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም፣ ጉዳዮም ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣብ መንጎ ወረስቲ ነ/ሄር ጉቢር ጉብረእያሱስ፥ 1. ሙሴ ጉቢር 2. ገኑት ጉቢር 3. ለምለም ጉቢር 4. ኣስሊ ጉቢር 5. ዳኒኤል ጉቢር 6. እዝጊሄርያ ጉቢር ወ/ሮ ሓረጉ ጉብረመስቀል ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋልደት ወልዱ ኣጸበሃ ተቓዋሚት ወ/ሮ ሄለን ሰለሙን ዘሎ ሰቪላዊ ጉዳይ፥ ከሰስቲ 1. ዳኒኤል ጉቢር ጉብረእያሱስ 2. ወ/ሮ እዝጊሄርያ ጉቢር ጉብረያሱስ 3. ኣቶ ኣሲያስ ጉቢር ጉብረያሱስ ከም'ኡ'ውን ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋልደት ወልዱ ኣጽብሃ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ን18/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ኣቶ ጉብረኪዳን ቀሺ ተስፉ ገ/ማርያም፣ ነ/ሄራት ማርያ ጉብረማርያም ወልደዝብርኤል ብሂወት ከሎ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ ብቑ.መዝገብ 16/2015 ብዕለት 16/7/2015 ዓ/ም ዝፈጸመትሎ ናይ ገዛ ለበዋ፥ ኣብ ደቀምሓረ ምም. ከባቢ ማይ ወርቂ ኣብ ሎታ 13 ፓርሰል B ዝርከብ ገዛ፥ እዚ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ከባቢ ኩዶፈላሲ

ኣቶ ከስተ ከበደም መንግስቱ፥ ወለድና ከበደም መንግስቱን ኣወጣሽ ጉብርኣብ ተወልደመድህንን ስለ ዝሞቱ፥ 10 ኣሕዋት ካብ ወ/ሮ ኣዜብ ዝወለዱ 3 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሓምድ ኣብራሂም ሰይድ ምግቢ ተሪፉ፥ ሓምድ ኣብራሂም ኣሰማዕል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ መብራህቱ ሃብተየም፣ ስም ኣደይ ትዕበ ጉብረዝጊብሄር ሃብተሚካኤል ምግቢ ተሪፉ፥ ትኣቦ ጉብረዝጊብሄር ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓይልኣብ ኢያሱ ጉብረገርግሽ ምግቢ ተሪፉ፥ ሓይሎም ኢያሱ ጉብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎድጓድ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ኪዳነ ወልደኺዳን፥ ተኸሳሲ ኣቶ ዓንደብርሃን ጉብረክርስቶስ ተኽለ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

ሃብተ ጌታቸው ልሳኑ ምግቢ ተሪፉ፥ ያፌት ጌታቸው ልሳኑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ ምም/ዓዲ ወከድባ ብቑ. መለለዪ መሬት 1814 ፕሎት O ፓርሰል 7 ስፍሓት መሬት 558.40 ት/ሜ ቁ.መዝገብ 001709 ቁ. ንብረት 011533 ዝተወሃበኩም ኦርጂናል ምርሒት ጤሳን ናይ ውክልና ሰነድን ስለዝጠፍኣኒ፥ ረኺበዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዝዎ ዝበለ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ. ቴሌ 07131295 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ግደይ ሃማርያም መዃሽ

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/01 ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 468 ቁ/ገዛ 22 ዝርከብ ቁ/ ምስክር ወረቐት 111202 ብመወከሲ ቁ/109013/109014 ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣብይቲ ከተማ ዝወጹ ብስም ኣቦና ነፍ/ከበደ ሃብተ ኣቦንን ወረ/ኩ ሂወት ወንድም 1.ኣበበ ከበደ 2.ኣብዲት ከበደ ዝተመዝገበ ገዛ ዘለና ኮይኑ፥ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት ስለዝጠፍኣ፥ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ኣሎኹ ዝበለ እንተሃልዩ ብቑ/ ስልኪ 07119729 ወይ 07143181 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ክረኽበኒ፣ እንተዘይኮይኑ፥ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣልጋሽ ከበደ ሃብተ

---

### ምስጋና



ብመስዋእቲ ክቡር በዓልቤተይ ም/ተ ሳሚኤል ጉብርሂወት ሃይለሚካኤል ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማሙ ካብ ጎኑ ዘይተፈለኹምን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዓዲ ኳላ ዘቃበርኩምናን፥ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

በዓልቲቤቱ ምሕረት ግርማይ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---

### ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፣ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከቡ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ ሓማሴንንያላ፥ ሰንትራል ኣስመራ፥ ገርግሱም ቢች፣ ሬድሲን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 31/12/23 ዝጸንሕ ቀረብ ስጋ፥ ኣሕምልትን ፍረታትን ደርሆን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዘኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተሓታትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2022 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ናጻ
* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብ CPO የትሕዝ.
* ተሓታታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ።
*ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ሰነድ ጨረታ (መግለጺን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ ኣብ ደንበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ መንግስቲ፥ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክወሰድ ይከኣል።
* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፥ ሰዓት 10.00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፥ ወላዲ፥ በዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ መንግስቲ ይኽፈት።
* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በማሰል ወ/ሮ ኑርያ ኣደም መሓሙድ ወኪል ሰይድ ዓሊ መፍታሕ፥ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ በድሪያ እድሪስ ዓሊ ዝበረ ናይ ክራይ ገዛ ክርክር፥ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፥ እዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዝርከብ ዝርዝር ንብረት ብኽኢላ ማጠኒ ዋጋ 80,000 (ሰማንያ ሽሕ ናቕፋ) ስለዝተገመተ፥ ኣብቲ ዝቐደድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ብስም ፈ/ፍርዲ C.P.O ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ኣስራኡ ወይ ተጠራቃሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብፈደል ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ቤ/ጽ/ፈ ፍርዲ ቁ/62 ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ።

ዝርዝር ንብረት፦

1.ታንኪር ናይ ማይ
2.10 ሓብ ጀሪካን ናይ ማይ
3.ሳሎን ኮምፕሊት በፊይ
4. ኮንትር በፍይ ስርሓት ኖቸ 240 ሜትር
ኣብ ቁ.1 ክሳብ ቁ.18 ዝርዝር ንብረት ኣሎ።

ሓበሬታ ዝደሊ ወይ ዝርዝር ንብረት ከም'ኡ ድማ ንብረት ክርኢ ዝደሊ ኣብ ቁ/65 ቀሪቡ ይወከስ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ፥ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ቦታ ጨረታ፥ ላ/ቤ/ፍ/ቁጽሪ 27
ዕለት ጨረታ፥ 13/07/2023
ሰዓት ሓራጅ፥ 3:00-4:00 ድ/ቀ

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰኪዕት ኤርትራ ናብ ታንዛንያ ገይሻ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ካብ 17 ክሳብ 23 ሰነ 2023 ዝቕጽል መጻረዪ ዋንጫ ኩዕሶ ሰከዕት ኣፍሪቃ (AfroCan) ንምስታፍ፡ ብ15 ሰነ ናብ ሃገረ ታንዛንያ ከም ዝምረሐት ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ዳር'ኤሰላም ዝቕጽል መጻረዪ ውድድር፡ ንኤርትራን ኒታ ደሮ ምሕላፉ ኣረጋጊጹ ዘሎ ሃገራዊት ጋንታ ኬንያን ሓዊሽካ 10 ሃገራውያን ጋንታታት ክሳተፋ ትጽበ ይግበር።

እዞን ኣብ ዞን ሓሙሽተ ዝተመደባ ኤርትራ ትርከበን ሃገራውያን ጋንታታት፡ ኢትዮጵያ፡ ብሩንዲ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ርዋንዳ፡ ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ግብጽን ታንዛንያን ኮይነን፡ ብኣሰልጠንቲ ንጉሰ ሃብተማርያምን ኣብል ኣፈወርቅን እናተኣልየት ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ጽዑቕ ልምምዳት ክተካይድ ዝወርሐት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ከኣ ካብ'ቲ ኣብ 2020 ኣብ ኬንያ ዝተኻየደ ውድድር ተመክሮታት ብምቕሳምን ንመወዳደርታ ብምብዳህን ዝሓሸ ብቕዓት ክተርእይ ትጽበ ይግበረሉ።

ብ14 ሰነ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ኣብ ኣዳራሽ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምፍናው ስነስርዓት፡ ኮምሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ንሃገርን ህዝብን ወኪልካ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ስፖርት ምስታፍ ዝህልዎ ጥቕሚ ዓቢ ምዃኑ ብምሕባር፡ ቀጻሊ ተሳትፎ ንኽህሉ ወሰጣዊ ሃገራዊ ውድድራት ክሕይል ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣምባሳደር ዘመደ ወሲኹ፡ ደረጃ ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ ተወዳዳሪ ንክኸውን መንፈስ ሰዓርት ወዘ.እኢ.እንተኾኑ፡ ስፖርታውያን ብዓሰፕሊን ተመሪሖምን ኣብ ሓድሕዶም ዘሎ ፍቕሪ ኣብሪኾምን ሓላፍነታውያን ብምዃን ዝከኣሎም ከበርክቱ ኣዘኻኺሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኪኸ ዓወት ዘቕስም ተመክሮ ኣቃሊልካ ዘርኢ ብዚዩ ምዃኑ፡ ንዕቤት ኩዕሶ ሰከዕት ሃገርና ዓቢ ስጉምቲ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ናይ ምፍናው ስነስርዓት ንሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ሰናይ ምንጾቱ ዝገለጸ ሓላፊ ምክትታል ፈደረሽናትን ሃገራዊ ኦሎምፒክን ፓራ ኦሎምፒክን ኮ/ል ሰለሙን ስዩም ብወገኑ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ዝተፈጥረላ ዕድል ተጠቒማ ኣንጸባራቒ ዓወት ሒዛ ክትምለስ ዘለዋ እምንቶ ገሊጹ።

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ካብ ኩለን ዞባታት ንዝተመርጹ ኣሰታት 37 ተጻወትቲ ሒዛ እያ ብ22 ሚያዝያ 2023 ወግዓዊ ልምምዳ ፈሊማ። ኣሰታት ሓደ ወርሕን ሰለስተ ሰሙንን ጽዑቕ ልምምድ ብምግባር ከኣ ካብኦቶም ዝተጻረዩ ዓሰርተ ብሉጻት ተጻወትቲ ሒዛ እያ ናብ ታንዛንያ ኣምሪሓ ዘላ።

ብኣላይነት ፕረሲደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ኢንጅነር ሄኖክ ኣሚን ዋና ጸሓፊ ናይ'ቲ ፈደረሽን ኣቶ የናስ ነጋሽን ተመሪሓ ዝኸደት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ፡ ንሓለቓ ጋንታ ኣቶ ሙልጌታ ሃብተገርግሽ



ሓዊስካ ንተጻወትቲ ተመሳሳሊ ሰመረ (ሓለቓ ጋንታ)፡ ኣብል ዘርኡ፡ ኣሮን ዘካርያስ፡ ዳንኤል ዘምህረት፡ እስራኤል ሙልጌታ፡ ሳሙኤል ሲሳይ፡ ስምኦን የውሃንስ፡ ኤሽን ዘርኡ፡ ኣብርሃም መረሳን ናሆም ተኪኤን እያ ሓቒፋ ዘላ። እዛ ጋንታ ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ስዊዘርላንድ ዝመጸአ ያፌት ሃይለን ካብ ካናዳ ዝመጸአ ደክኣሎ ኣርኣያን ከም ተጻወትቲ ንኣቶ ኣሌክሳንደር ስዩም ካብ ኣመሪካ ከኣ ከም ኣብል ምስልጣን ጠርጊፋቶም ከም ዘለዉን ተፈሊጡ ኣሎ። ኣቶ ሙሴ ሚካኤል ድማ ከም ዳኛ ኩዕሶ ሰከዕት ኮይኑ ኣብ'ቲ ውድድር ክሳተፍ'ዩ።

ፕረሲደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ኢንጅነር ሄኖክ ኣሚን ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ውድድር ተመክሮ ቀሲማ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ክተርእይ ትጽበት ተገይሩላ ምህላው ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ'ዚ ውድድር እንተድኣ ተዓዊታ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ሕዳር 2023 ኣብ ሃገረ ርዋንዳ ዝቕጽል ዋንጫ ኩዕሶ ሰከዕት ኣፍሪቃ ክትሳተፍ ምዃና ሓቢሩ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ኣቶ ንጉስ ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ልምምድ እዋን እታ ጋንታ ጽዑቕ ናይ ኣካላውን ቴክኒካውን ልምምዳት ብምግባር ኣብ ጽቡቕ ቁመና ከም ትርከብ ኣፍሊጡ። ወህደትን ስጥመትን ዘይብላ ጋንታ ኣድማዒት ከም ዘይትኸውን ዝሓበረ ኣቶ ንጉሴ፡ ኣብ ወህደት ብዚዩዳ ኣቓልቦ ብምግባር ድልውቲታ ኣደልዲላ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ ዓወት ሒዛ ክትምለስ ዘለዋ ተስፋ ገሊጹ።

ኣብል ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰከዕት ኤርትራ መንእሰይ ዳንኤል ዘምህረት ብወገኑ፡ 90 ሚእታዊት ኣባላት ናይ'ዛ ጋንታ ኣብ'ቲ ኣብ 2021 ኣብ ሃገረ ኬንያ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር ዝተሳተፉ ብምዃኖም፡ ካብ ዝሓለፈ እኹል ተመክሮ ቀሲሞም ኒቲ ናይ ሽዑ ጉድለታት ብምሽፋን ዝሓሸ ወጽኢት ሒዞም ክምለሱ ምዃኖም ኣብሪሁ።

## ሳቡር- ብክልቲኡ ጾታ መትሓዚ ተሳኢኑዎ

### ዓራግ ትንፋስ ለኹዓ

ክሉብ ሳብር ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ስፖርታዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብኹሉ መዳያ መሳርዓ ኣይልዲላ'ያ ኣብ ጽቡቕ ምውህሃድን ቁመናን ትርከብ ዘላ። እዛ ክሉብ ብረብዓን ሓሙሰን ብኽልተ ዓይነት ውድድራት ኣብ ዝተሳተፈትሉ፡ ኑቶም እግሪ እግራ እናኸዱ ልዑል ሞራልን ደገፍን ዝሁብዋ ዘለዉ ደገፍታ ብዓወታ የሐቢናቶም'ያ።

እዛ ጋንታ ብረቡዕ ምስ ዒታሮ ኣብ ዝተራኸበትሉ፡ ኣብ መበል 50 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሽቶ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክትወስድ'ያ ክኢላ። ኣብ'ዚ ሓያል ስፖርታዊ ውድድር ዝተራእየሉ ጸወታ፡ ሉል ዐቕባይ እያ ንመዐወቲት ሽቶ ሳብር ኣመዝጊባታ።

እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ'ውን ተራኺበን'የን። ኣብ'ዚ ግጥም ዒታሮ እያ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ብመንገዲ የናታን ካሕሳይ ብዘመዝገበታ ሽቶ ቀዳማ መሪሕነት ሒዛ። ይኹንምበር መሪሕነት ዒታሮ ንትሸዓተ ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ቀጺሉ። ሰራሕ ነጋሲ ንሳብር ሽቶ ስለ ዘመዝገበ እቲ ጸወታ ማዕረ ኮነ። ብድሕሪ'ዚ ተጻዋታይ ሳብር ዓብደልዋሃብ መኪ ኣብ ክሊ ልዳት ዒታሮ ብምውዳቑ ሳብር ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ረኺባ የናስ በርሀ ሓላፍነት ብምውሳድ ከኣ ናብ ሽቶ ቀይሩዋ። ንዕረፍቲ ድማ ብመሪሕነት ሳብር 2ብ1 ወጺኦን።

ሓያል ተወዳዳርነትን ብርክት ዝበለ ፈተነታትን ኣብ ዝተራእየሉ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ፡ ተጻዋታይ ዒታሮ ናኤብ

ኣማር ዝፈተኖ'ሞ ብሓላዊ ልዳት ሳብር እስራኤል ሻም ዝደሓኖ፡ ሓንቲ ካብተን ንትዓዘብቲ ሓፍ ኮፍ ዘበላ እያ ነይራ። ኣብ ዝቐጸለ ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሽቶ ብዘይምንባሩ ግን ምዱብ ጸወታ ብዓወት



ሳብር 2ብ1 እዩ ክዛዘም ክኢሉ።

ብቕድሚ ትማሊ ሓሙስ'ውን ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀ ሳብር ምስ ዒታሮ ኣብ ኩዕሶ መርበብ ጸሚዳ ነይራ'ያ። ኣብ'ዚ'ውን ሳቡራውያን ኣይተኻእሉን። ብኽልቲኡ ጾታ ዓብሊሎም ብምቕራብ ብደቂ ኣንስትዮ 2ብ0 ብደቂ ተባዕትዮ ድማ 3ብ0 ብምስዓር ናይ ዘይተሰዓርነት ጉዕዞኦም ይቕጽሉ ኣለዉ። ሳብር ኣብ'ዚ ዝቕጽል ዘሎ ወሰጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ክሳብ ሕጂ ኣብ ክልተ ዓይነት ውድድራት ብክልቲኡ ጾታ ብዘይተሰዓርነት ልዕሊ ኩለን

ዓብሊላ ትግስግስ ዘላ ክሉብ እያ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ መንኮ ዓራግን ሓለቡትን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተኻይዱ ነይሩ። እዚ ብፌደራል ዳኛ መርሃዊ ተስፋጽዮን ዝተመርሐ ግጥም ኣገዳሲ ወሳኒ ብምንባሩ፡ ጋንታታት ኣብ ሓያል ምትህልላኽ እዮን ተጸሚደን። ብኣሰልጣኒ ፊልሞን (ኣልጫ) እትእለ ዓራግ ኣብ 6ይ ደቒቕ ብናኣድ ተኸለኣሃይማኖት ሽቶ ሰሊጥዋ ንምዱብ ግዜ ድማ 1ብ0 ብምስዓር ናብ ዝቕጽል ግጥም ካልኣይ ዙርያ ክትሓልፍ እንከላ፡ ሓለቡት ድማ ንዒታሮ ሰዒባ ካብ'ዚ ውድድር ተኣልያ ኣላ።

ወሰጣዊ ውድድራት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ካብ ዕለት 22-24 ሰነ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ናይ ኣትሌቲክስ ውድድሩ ክካየድ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ንሰነበት 18 ሰነ እውን ውድድር ጨመተ ተኸሲ ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል፡ ብሓሙስ 15 ሰነ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ሰለስተ ጸወታ ኣሰላሲሉ ነይሩ።

ፈለማ ንሜዳ ዝወረዳ ቴራቮሎን ኩ/ሰምባልን እየን ነይረን። ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝተመዝገበ ሽቶ ብዘይምንባሩ 0ብ0 እየን ንዕረፍቲ ኣምሪሐን። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ግን ኩ/ሰምባል ኣብ መበል 49 ደቒቕ ካብ ብርሃ መሓሪ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ብዘረኸበታ ሽቶ መሪሕነት ሓዘት። ብድሕሪ'ዚ ዝተመዝገበ ሽቶ ብዘይምንባሩ እቲ ግጥም ብዓወት ኩ/ሰምባል 1ብ0 ተዛዚሙ። ብርሃ መሓሪ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።

ሰዒበን ንሜዳ ዝወረዳ ኩ/ሰገንን ዕዳጋ ሓሙስን እየን። እዚ ጸወታ ኣብ ርእሲ'ቲ ትሑት ብቕዓት ዝተራእየሉ፡ ብዘይ ሽቶ 0ብ0 እዩ ተወዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ዝተኻየደ ግጥም ኣስመራ በራን ኣዱሊስን ዝሓሸ ምንቅስቓስ ዝተራእየሉ እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግጥም ኣዱሊስ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ካብ ኣነስ ኑረዲን ብዘረኸበታ ሽቶ ንዕረፍቲ 1ብ0 እያ መሪሓ ወጺኣ። ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ዝቐጸለ ጸወታ'ውን ብጽቡቕ ተወዳዳርነት'ዩ ፈሊሙ። ሕጂ'ውን ኣዱሊስ'ያ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ካብ መትከል ታረቀ ብዘረኸበታ ሽቶ መሪሕነታ ኣደልዲላ። ኣስመራ በራ ተቐይሮም ብዘኣተዉ ተጻወትቲ ንልዳት ኣዱሊስ ክትኮሕኩሕ'ኳ እንተፈተነት፡ ብዘይካ እታ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ዝረኸበታ ካብ ስዕረት ዘይተናግፍ ሽቶ ካልእ ክትወስኽ ኣይከኣለትን። ጸወታ ድማ ብዓወት ኣዱሊስ 2ብ1 ተዛዚሙ። ኣብ'ዚ ጸወታ ካብ ኣዱሊስ ኣነስ ኑረዲን እዩ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።



## ውድድር ቢልያርዶ (ስቴካ) ናብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ

ብምኽንያት መበል 32 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ተሰሪዑ ንሓደ ወርሒ መመላእታ ክቕጽል ዝጀመረ ውድድር ቢልያርዶ (ስቴካ)፡ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታታቱ ከም ዝቐጸለ ኣቕረበቲ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሮም። ብመሰረት ሸሞንተ ተወዳደርቲ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ፡ ተስፋኣለም ታረቀ ንእያሱ ጎይትኦም 48-ብ26ን 48-ብ16ን፡ እስቲፋኖስ መብራህቱ ንሳምሶን ሰለሞን 51-ብ30 ከምኡ'ውን 50-ብ46፡ መምህር ሰለሞን ኣብርሃ ንኣስመሮም እያሱ 48-ብ22ን 50-ብ38ን፡ ምስጉና ተወልደመድህን ንጽውሃንስ የማነ 48-ብ41ን 51-ብ15ን



ኣኪታቲሎም ናይ 2ብ0 ዓወት ብምምዝጋብ ናብ ዝቕጽል ናብ ፍጻመ መን ሰገረ ውድድር ሓሊፎም ኣለዉ።

ብመሰረት ተሰሪዑ ዘሎ መደብ ጸወታ፡ ሎሚ ቀዳም መምህር ሰለሞን ኣብርሃ ምስ እስቲፋኖስ መብራህቱ፡ ተስፋኣለም ታረቀ ድማ ምስ ምስጉና ተወልደመድህን ካብ ሰዓት 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣትሒዞም ውድድር ክካየዱ ምዃኖም ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣረጋጊኡ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኣብ ወርሒ ሰነ፡ ዝለዓለ መጠን ሙቐት ተመዝጊቡ

ኣብ መጀመርታ መዓልታት ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ወርሒ ሰነ ዝነበረ ማእከላይ መጠን ሙቐት ዓለምና፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ብደረጃ ዓለም ካብ ዝተመዝገቡ መጠናት ዝለዓለ ኮይኑ ከምዝተመዝገበ፡ ኣሃዱ ምክትታል ክሊማ ኤውሮጳዊ ሕብረት ገሊጹ።

ምክትል ዳይረክተር ኣገልግሎት ክሊማዊ ለውጢ ናይቲ ሕብረት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ዓለምና፡ ቅድሚ ሕጂ ርእያቶ ዘይትፈልጥ መጠን ሙቐት ኣብ ፈለማ ወርሒ ሰነ ተመዝጊቡ ኣሎ" ክትብል ሓቢራ።

ኣብ ቀዳሞት መዓልታት ወርሒ ሰነ ዝተመዝገበ ዓለማዊ ማእከላይ መጠን ሙቐት ሳዕለዋይ ጽፍሒ ኣየር፡ ኣብ ጸብጻብ ናይቲ ካብ 1940 ኣትሒዙ ንመጠን ሙቐት ዓለምና ዘሰፍር ዘሎ መዝገብ 'ኤራ 5' ዝለዓለ ኰይኑ ተሰኒዱ ከምዝሎ ድማ፡ እታ ብዓልቲ-ሰልጣን ወሲኻ ኣረዲኣ።

እዚ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሰነ ዝተመዝገበ ንሓጺር እዋን ዝጸንሐ ወሰኽ መጠን ሙቐት ሕጹ እኳ እንተዃለው፡ ዓለምና ንዓመታት ክጸንሕ ናብ ዝኽእል ምዕራፍ 'ኤል ኒኖ' (ተፈጥሮኣዊ ምውሳኽ መጠን ሙቐት ማያዊ ኣካላት) ኣብ እትኣትወሉ ዘላ እዋን ብምዃኑ፡ ንልዑል መጠን ዋዒ ዘቃልዕ ከምዝኾነ ከኢላታት ይሕብሩ።

ተመራመርቲ ኣሃዱ ምክትታል ክሊማ ኤውሮጳዊ ሕብረት ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ሰነ ዝተመዝገበ ዓለማዊ ሙቐት ሳዕለዋይ ጽፍሒ ኣየር፡ ካብቲ ቅድሚ ዘመነ-ኢንዱስትሪ ዝነበረ መጠን ንፈለማ እዋን ብልዕሊ 1.5 ዲግሪ ሴንቲግሬድ እዩ ወሲኹ ዘሎ።

ካብ 7 ክሳብ 11 ሰነ ኣብ ዝነበረ መዓልታት ዝተመዝገበ መዓልታዊ ማእከላይ ሙቐት ዓለምና ካብ 1.5 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ንላዕሊ ከምዝነበረ ዝገለጸ እቲ ጸብጻብ፡ ብፍላይ ኣብ 9 ሰነ 1.69 ዲግሪ ሴንቲግሬድ በጺሑ ምንባሩ ኣመልኪቱ።

በዚ ድማ እቲ ሃገራት ዓለም ኣብ 2015 ኣብ ክሊማዊ ዋዕላ ፓሪስ ዝጸሓፉኦ - ወሰኽ መጠን ሙቐት ዓለም ኣብ 1.5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ክድረት ዝጠልብ ስምምዕ ድሮ ፈሺሉ ከምዝሎ ዘርኢ ምዃኑ ከኢላታት ናይቲ ዓውዲ የረድኡ።



## ሕ/ኢ/ዓረብ፡ ሊባኖሳውያን ብዘይ ቪዛ ክኣትዉዋ ፈቒዳ



ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ብምኽንያት ጸጥታዊ ስግኣት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ሊባኖስ ኣንቢራቶ ዝጸንሐት ግዜያዊ ናይ ቪዛ እገዳታት፡ ኣብ ዝቐጸል ቀረባ መዓልታት ከተልዕሎ ምኳና፡ ሓደ በዓል-ስልጣን እታ ሃገር ገሊጹ።

ንሱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብምኽንያት ጸጥታዊ ስግኣት ግዜያዊ እገዳታት ቪዛ ተነቢሩ እዩ፡ እንተኾነ፡ እዚ እገዳታት ብቐጻሊ ክየምንም ድሕሪ ምጽናዕ፡ ኣብ ዝቐጸሉ መዓልታት ኣብ ፍሉያት ምድባት እቶም ናይ ቪዛ እገዳታት ክለዓሉ ተወሲኑም ኣለዉ" ክብል ዝሓለፈ ሓሙስ ንሮይተርስ ሓቢሩ።

ሊባኖስ ብወገና፡ ካብ ኢማራት ዓረብ ወጻኢ ንዝርከቡ ዜጋታታ ቪዛ ከምዝይወሃቦም ክትሕብር ጸኒሓ እያ።

እንተኾነ፡ ኣብ ሊባኖስ ዝርከቡ ክልተ ኣገልግሎት ወከልቲ ጉዕዞ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዜጋታት ሊባኖስ በቲ ልሙድ ናይ ኦንላይን ስርዓት ኣቢሎም ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ንምእታው ቪዛ ክሓቱ ይኽእሉ ከምዝይከኣሉ፡ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ነቲ ምልዓል እገዳታት ዝምልከት ዛጊት ዝኾነ ሓድሽ መምርሒ ከምዝይበጽሖም ገሊጾም።

## ካናዳ - ብሓደጋ መኪና 15 ሰብ ሞይቶም

ኣብ ካናዳ - ክፍለሃገር ማኒቶባ፡ ሓንቲ ናይ ጽዕነት መኪና ምስ ተገማዒዝቲ ኣሳፈራ ዝነበረት ኣውቶቡስ ድሕሪ ምጋጫዋ፡ ብውሕዱ 15 ሰባት ከምዝሞቱ ሰብ-መዚ እቲ ከባቢ ገሊጾም።

ፖሊስ ማኒቶባ ብትዊተር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቲ ኣዝዩ ከቢድ ጃምላዊ ሓደጋ" ኢሉ ዝገለጾ ሓደጋ ንምምርማር ኣባላቱ ናብቲ ቦታ ኣዋፊሩ ከምዝሎ ኣፍሊጡ።

መብዛሕትኦም በቲ ሓደጋ ዝሞቱ ሰባት፡ ካብታ ክፍለሃገር ዝመጹ ኣረጋውያን ምንባሮም እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብዘይካዚ፡ ክልተ መራሕቲ መካይን ዝርከብዎም ብውሕዱ 10 ሰባት በቲ ሓደጋ ከቢድ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ሰበ-ስልጣን እቲ ከባቢ ገሊጾም።

ብሰንኪ እቲ ሓደጋ እቲ ጽርግያ ተዓጽዩ ስለዘሎ፡ መራሕቲ መካይን ካልእ ኣማራጺ ክጥቀሙ ፖሊስ እታ ሃገር ሓቢሩ ኣሎ።



## ናይጀርያ - ሓላፊ ኮሚሽን ጸረ-ብልሽውና ካብ ስርሑ ደስኪሉ

ሓድሽ ፕረዚደንት ናይጀርያ ቦላ ቲኑብ፡ ንሓላፊ ኮሚሽን ቁጠባውን ፊናንሳያውን ገበናት እታ ሃገር ዓብዱልራሺድ ባዋ ዝይተወሰነ ግዜ ካብ ስርሑ ደው ከምዝበሎ ተገሊጹ።

እቲ በዓል-ስልጣኑ ስልጣኑ ብዘይኣግባብ ብምጥቃሙ እዩ ስርሑ ደው ክብል ተገይሩ ዘሎ።

ፕረዚደንት ቲኑብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙንውን ንኣመሓዳሪ ማእከላይ ባንክ ካብ ስርሑ ደው ከምዝበሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣፈኛ ናይቲ ኮሚሽን፡ ነቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ርእይቶ ክህብ ንዝቐረበሉ ሕቶ ዛጊት ዝኾነ መልሲ ኣይሃበን ኣሎ።

ቅድሚ 20 ዓመታት ዝተማስረተ ኮሚሽን ቁጠባውን ፊናንሳያውን ገበናት ናይጀርያ፡ ኣብ ምምርማር ዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብን ካልእ ተግባራት ብልሽውናን ዝርከቦ ፋይናንሳዊ ገበናት ከምዝተጠፍ ይግለጽ።



መበል ሓምሻይ ሓላፊ ኮሚሽን ጸረ-ብልሽውና ዝኾነ ባዋ፡ ሳልሳዋይ ባይቶ ናይጀርያ፡ ኣቐዲሙ ሓላፊ እቲ ኮሚሽን ዝነበረን ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐን ኢብራሂም ማጉ ዳዎማይ ናብ ስልጣን ከይድይብ ድሕሪ ምቅዋሙ ኣብ 2021 ከምዝተመዘ ይዝከር።

## ሰ/ኮርያ፡ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ምብራቓዊ ገምገም ባሕራ ክልተ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከምዝወንጨፈት፡ ደቡብ ኮርያ ገሊጻ።

ሰሜን ኮርያ እዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ንዘካየድኦ ወተሃደራዊ ልምምድ ዘይተርፍ ምላሽ ክትህብ ምዃና ድሕሪ ምጥንቃቓ ሓደ ሰዓት ኣብ ዘይመልእ ግዜ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ጃፓን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሓደ ካብቲ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ኣብቲ ብ 'ምብራቕ ባሕሪ' ዝፍለጥ ባሕሪ ጃፓን ከምዝዓለበ እንተኸለ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣስታት 250 ኪ.ሜ ርሒቑ ከምዝዓለበ ሓቢሩ።

በዚ ድማ ኣመሪካ፡ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን፡ ነቲ ሰሜን ኮርያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ኮኒነኦ ኣለዋ።

ሰለስቲአን ሃገራት ኣብ ዘውጸኣኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ "እዚ ስጉምቲ ንውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ ኮይኑ፡ ወጥናት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ሰሜን ኮርያ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ዞባውን ኣህጉራውን ስግኣታት ኮይኑ ኣሎ" ክብላ ሓቢረን።

ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄክ ሱሊቫን፡ ድሕሪቲ ሰሜን ኮርያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ምስ ጃፓናውያንን ደቡብ ኮርያውያንን መዛኑኡ ርክብ ንምክያድ ጃፓን ከምዝኣተወ ተገሊጹ።

ኣብቲ ርክብ፡ ሰለስቲኦም ሰበ-ስልጣን ብዛዕባ ወጥናት ሚሳይል ሰሜን ኮርያ ከምዝተዘራረቡን፡ ሰሜን ኮርያ ኑክሌኣዊ ኣጽዋራታ ከተቋርጾ ኣብ እትኽእል መንገዲታት ኣተኩሮም ብቐረባ ክሰርሑ ከምእተሰማምዑን፡ ካብ ጃፓን ዝተዘርግሐ ወግዓዊ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።



ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ኣሸፋእ | 17/06/2023 | ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽሪያ ከባቢ ዓሊጠኪት | 07157709
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services